# ‘‘ንኤርትራን ኢትዮጵያን ዝፈላለየ ኩናት ‘‘ኣየ ምጽዋዕ]‘‘“

# ስርሒት ፈንቕል ብጸላኢ እንክዝንቶ ከሎ! 9ይ ስጋብ መበል 13ስተ ክፋላት



**ትርጉም ካብ ኣምሓርኛ ናብ ትግርኛ ፡ ድምጻዊ ጊደዎን በራኺ**

**ጸሓፋይን ተሓታታይን ናይዚ ቀሪቡ ዘሎ ታሪኽ፡ ሓለቃ ሚእቲ ታደሰ ቴሌ ሳልቫኖ።**

**.........አፍልብኻ ዘንፍሕ ዘኹርዕ ሓቀኛ ኤርትራዊ ታሪኽ እዩ`ሞ ከይሓልፈኩም ሽለል ከይበልኩም ኣንብብዎን ተኸታተልዎን!**

‘’ኤርትራ ህያብ ሰማእታትና ኢያ ’’ ትብል ፍልስፍና ዝተሓወሳ ጭርሖ ኤርትራዉያን ሎሚ ኣብዞም ሓደሽቲ ወለዶ ኤርትራውያን ተራ ጭርሖ ኮይና ዘላ ኮይኑ ኢዩ ዝስምዓኒ ዘሎ። ምክንያት ናይዚ ድማ ብትዕዝብተይ እቶም ሰራሕቲ ቅያ ጀጋኑ ዓበይቲ መራሕትን ተራ ተጋደልትን ነቲ ዝወዓልዎ ዉዕሎን መሪር ሂወት ገድልን፡ ምስጢር ዓወቶምን ፡ ታሪኽ ወሳኒ ግደ ዝነበሮም ዉልቀ-ሰባት ኣብቲ እዋን ቃል) ንስጋብ ለይቲ ሎሚ እዉን እንተ ኮነ ከዘንትዉ ፍቃደኛታት ስለ ዘይኮኑ ኢዮም። ኣብዚ ግዜ’ዚ ታሪክ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዘዘርከበ ዘዘንትዎ ዳርጋ ኣፈ-ታሪኽ ንጸቢብ ፖለቲካዊ ረብሓ ዘገልግል መሳርሒ ጽውጽዋይ “ድሙ ተዓንቂፋ ኣንጭዋ ሞይታ” ዝዓይነቱ'ዩ ኮይኑ ዘሎ ። እዚ ናተይ ብሕታዊ ርእይቶ ኢዩ ።ተጋግየ እንተ ኮይነ ከኣ ጌጋይ ማርያም ትኽልኣለይ።

ኣነ ግን ‘’ስርሒት ፈንቅል ብጸላኢ እንክዝንቶ ከሎ ’’ ናተይ ኣርእስቲ ኣሰይመ ካብ ቋንቋ ኣምሓርኛ ናብ ቋንቋ ትግርኛ ተርጉመ እቲ ሓደ ወታሃደር ደርጊ ካብ መጀመርያ ስጋብ መጨረሻ ግዜ ኣብ ኩናት “ስርሒት ፈንቅል” ዝወዓለን ዝሓደረን ዝቀነየን ምስክርነቱ ክህብ ዝጸሓፋ ሓቀኛ ዛንታ ኩናት ባጽዕ ኢሉ ዝሰየማ መጽሓፍ ምስ ኣንበብኩ።

እቲ ጅግንነትን ተወፋይነትን መስዋእትነትን ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር፡ እቲ ልዑል ምሕደራን ዉህደትን ጽፈትን ብልሕን መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብቲ ሽዑ እዋን ተብርህ ከም ጥዋፍ ተብርህ መጽሓፍ ኮይና ስለ ዝረከብክዋ።

ነዞም ሓደሽቲ ወለዶታት ኣብ ግዜ ነጻነት ዝተመሃሩ ኣምሓርኛ ዘይፈልጡ ብቋንቋኦም ብምስክርነት ጸላኢ (ወታሃደር ናይ ስርዓት ደርጊ መንግስቲ ኢትዮጵያ) ዝተዘንተወ ዛንታ ኣያታቶምን ኣሓታቶምን ኣቦታቶምን ንክፈልጡ። ንቶም ኣዳብዝ ነበር ኣብ ግዜ ደርጊ ድማ ብዝተፈላለየ መክንያት እዛ መጽሓፍ ረኪቦም ከንብብዋ ዘይከኣሉ ግን ከኣ ቋንቋ ኣምሓርኛ ዝመልኩ ዕድል ናይ ምንባብ ክህብ ኢለ ምስ ሃቀንኩ። ኣእምሮይ ነቲ ሓደ መጽሓፍ ሙሉእ ካብ ሓደ ቋንቋ ናብ ሓደ ቋንቋ ክትርጉሞ ዘሎ ሃልክን ናይ ግዜ ሕቶን ደሚሩን ኣጉዲሉን ብፉጹም ኣይከዉንን ኢዩ ኢሉኒ ኔሩ። እንተ ኮነ ግን ሕልናይ መንፈስ ሰማእታትና ስለ ዝተቋደሰ ምእንቲ ሓፋሽ ህዝቢ ክነቅሕ ከተቃልሖ እትስዉኦ ግዜ ካብ ሰማይ ዝወረደ ‘’ማና’ ግዜ’’ ኢዩ ኢሉ ስለ ዝሞጎቶ።ሕልናይ ስዒሩ ኣእምሮይ ሪዒሙ መስርሕ ምትርጓም ካብ ቋንቋ ኣምሓርኛ ናብ ቋንቋ ትግርኛ ብፍስሃ ተቀቢሉ። ኣሃዱ ኢሉ ጀሚርዎ ኣሎ ።ሰናይ ንባብ። ሓደራ ዝብለኩም ግን ንኩላትኩም ኤርትራውያን የሕዋት ታሪኽ ኣንቢብኩም ጥራይ ስቕ ኣይትበሉ share ግበርዎ ታሪኽና ብናይ ኩላትና ጻዕሪ'ዩ ዝዕቀብን ናብ ውሉድ ወሎዶ ዝሰጋገርን።

**ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስዉኣትና።**
**ሃገረ ኤርትራ ተሓፊራን ተከቢራን ትንበር።**
**ዓወት ንሓፋሽ።**

❊❊❊❊❊❊❊





***ስእሊታት ደራሲ`ዛ መጽሓፍ ወትሃደር ሓለቓ ሓምሳ ታደሰ ቴሌ ሳልቫኖን[ላዕለዋይ ስእሊ] ብሪጋዴር ጀነራል ተሾመ ተሰማን[ታሕተዋይ ስእሊ] …………………..*

***** ሓጺር መብርሂ፡ ‘‘ኤርትራን ከኢትዮጵያ የነጠለ ጦርነት፣ ኣይ ምጽዋ‘‘** ብትግርኛ ድማ **“ኤርትራ ካብ ኢትዮጵያ ዝፈለየ ኲናት፣ ኣየ ምጽዋዕ‘‘** ዝተባህለት መጽሓፍ ደራሲኣ **ሓለቓ ሓምሳ ታደሰ ቴሌ ሳልቫኖ** ይበሃል። እዚ ናይ ቀደም ኣባል ደርጋዊ ኢትዮጵያዊ ወትሃደር ነበር፣ **ብጀጋኑ ሰራዊት ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ [ህ.ግ.ሓ.ኤ]** ብ **‘‘ስርሒት ፈንቅል‘‘** ዝብል ስም ኣንጻር ባዕዳዊን መግዛእታዊን ወራሪ ስርዓት ኢትዮጵያ ዝተኻየደ ሃንደበታውን በርቃውን መጥቃዕቲ፣ ክጅመር ኣትሒዙ ስጋብ ብዓወት **ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ [ህ.ሰ.ሓ.ኤ]** ዝዛዘም፣ ካብቲ ውግእ ዝተረፉ ንሱ ደሚርካ ኣሽሓት ምሩኻትን ዝኾኑሉ ዝነበረ ኩነታት ብናቱ ትዕዝብቲ ኣብዛ ዝተጠቕሰት መጽሓፍ ሰኒዱዎ ኣሎ። እዛ ጽዋ [ዛንታ] መጽሓፍ እዚ‘‘ኣ ኣብ ክሊ ብሪጋዴር ጀነራል ተሾመ ተሰማን ኣብ ላዕለዎት መራሕቲ ሰራዊት ኢትዮጵያን ውትሃደራቶምን ዝነበረ ናይ ኲናት ሃዋህውን ሕንፍሽፍሽን ብፍላይ ከምኡውን ብወገን **ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ [ህ.ሰ.ሓ.ኤ]** ኣብ ብጽኑዕ ተሃዲሙ ዝነበረ ወትሃደራዊ ዕርድታት ጸላኢ ዝካየድ ዝነበረ ሃንደበታውን በርቃውን መጥቃዕቲ ድማ ብሓፈሻ፣ ብዝርዝር ገሊጹዎ ኣሎ።

**ብሪጋዴር ጀነራል ተሾመ ተሰማ** [ታሕተዋይ ስእሊ ኣብ ላዕሊ ተመልከት]፣ እቲ ንሰላማዊ **ህዝቢ ባጽዕ ጅሆ** ሒዙ ኣብ ሞንጉኦም ተሓቢኡ ስጋብ መጨረሽታ ዝተዋግኣን ጠንቂ ዘየድሊ መስዋእትን ህልቀት ህዝብን ወትሃደራትን ዕንወት ወደባዊት ባጽዕ ዝኾነን ኣብ መወዳእታ ድማ ብኻላሽኑ ነብሰ-ቅትለት ዝፈጸመን ኣረሜናዊ ሰብ እዩ። በወገን ኢትዮጵያውያን ከም ባህላዊ ርድኢቶም ከም **ሃጸይ ተዎድሮስ [ናይ ቀደም ስሙ ራስ ካሳ]** ጀግና ኢሎም ይሰምይዎ እዮም። ብወገነይ ክምኡ`ውን ብዓለማውን ብሰብኣዊን ትዕዝብቲ ግን፣ ለባማት ኣቦታትና ከምኡ ምስ ረኣዩ ``**ኣድግሲ መሬት ብድሕረይ ዳንዴር ኣትብቈላ በለት‘‘** ክብሉ ዝመሰሉዎ፣ ሰብኣዊ ርሕራሔ ዘይብሉ ጨካን ሰብ ኢለ ይገልጾ። በቲ ሓደ ወገን ብወትሃደራዊ ዓይኒ፣ ኣብ ሰላማዊ ህዝቢ ዘይነበሮ ቃልዕ ይኹን በረኻ ጎበታትን ከምኡ‘ውን ጎላጉል ኣንጻር ጸላኢኡ እናተዋግኤን ከም ሓላፊ እናዋግኤን ምስ ዘይሰልጦ ማለት ኣብ ኢድ ተጸይ ናይ ምውዳቕ ወይ ምምራኽ ሓደጋ ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን ከምኡ እንተዝገብር ኔሩ፣ ኣነ‘ውን ብዘይቀልዓለም ካበየናይ ወገን ብዘየገድስ ጅግና ምበልኩዎ ኔረ። ከምኡ ግን ኣይነበረን።

ሓያሎይ ክፋላት ናይ‘‘ዚ ትረኻ‘ዚ ካብ ገጽ-መጽሓፍ ክዓቑሮ ቀንየ እየ። ኣብ‘ዚ ብዙሕ ኽቡር መስዋእትን መውጋእትን ዝተኸፍለሉ ከቢድ ሰብኣውን ስነ-ኣእምሮኣውን ነገራውን ዕንወት ዝተኸሰተሉን ብድምር ናቱ ድማ መበል 26 ዓመታት ክቡር ነጻነትና ከነኽብሮ እንዳለወሉ ኣብ ዘሎና ሃዋህው፣ ንመዘኻኸሪ

ካብ`ቲ ዓቕረዮ ዘሎኹ ጽሑፋት ንኽተምብብዎ ምእንታን ብድምር ክፋላት መዓልታዊ ክሰደሉም እየ።ሰናይ ንባብ!!!

**ጽባቐ ትሽዓተ ብሄራትና※※※※※※※※※ሕላገት ጽኑዕ ኤርትራዊ ሓድነትና!!!**

**ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና፣ ክብረ ድማ ንጀጋኑ ናይ ሓርነታዊ ኲናት ስንኩላን ብጾትና!!!**

**ሞሳን ክብርን ነቶም ደኺምና ሕጅስ ከነዕርፍ ከይበሉ ከይተሓለሉ ስጋብ ሎሚን ቀጻልን ብጽንዓት ሃገር ኣብ ምሕላውን ምህናጽን ምምዕባልን ዝቃለሱን ዘቃልሱን ዝሰርሑን ዘሎዉ ኤርትራውያን ኣሕዋትናን ኣሓትናን!!!**

**ዓወት ንሓፋሽ!!!**

*****ሓውኹም ብርሃነ ሃብተማርያም [ጸሓፊ-ናይ‘ዚ ሓጺር መብርሂ]**

**※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※**




- ጀነራል ተሾመ ድሕሪ እቲ ኣኼባ ምዉድኡ ብቕጥታ ናብ ቤት ጽሕፈቶም ኢዮም ኣምሪሖም። ነቲ ዓጃቢ’ኦም ሓለቓ ሚእቲ፡ ንሓለፍቲ እቲ ዘማቲ ክፍለ ጦር ሰራዊቶም: ማለት ንሓላፊ ጎስጋጓስን ሓበሬታን ካድራት ፖለቲካዊ ምንቕቓሕን ንሓላፊ ክፍሊ መጎዓዓዝያ ንህጹጽ ኣኼባ ክጽዉዖም ኣዘዝዎ።እቲ ትእዛዘም ድማ ብቕጽበት ተፈጸመ። ኣብ ዉሽጢ

## ሒደት ደቓይቕ እቶም ንህጹጽ ኣኼባ ዝተጸውዑ ሓለፍቲ፡ ኣብቲ ቤት ጽሕፈት'ቶም ጀነራል ተረኽቡ።

መደረ መእተዊ ዘረባ እቲ ኣኼባ ጀነራል ተሾመ ኣዝዩ ሓጺር ኢዩ ኔሩ። እቶም ጀነራል ''ሕጂ ብህጹጽ ንኽንእከብ ዝኾነ መኽንያት፡ እቲ ኣብ ዙላ (ፎሮ) ዓሪዱ ምምጻእ ሻዕብያ ዝጽበ ዘሎ ናይ ''27ኛ ሜካናይዝድ ብርጌድ'' ቦታኡ ለቒቑ ናብ ወደባዊት ከተማ ባጽዕ እንተ ኣዝለቐ የድምዕ ዝብል ዉልቃዊ ርእይቶ ስለ ዘለኒ ኢየ፡ እቲ መኽንያተይ ካኣ ሻዕብያ ከም ቀንዲ ዕላማ ወደብ ምጽዋዕ ንክቆጻጸር፡ ነዚ መጥቃዕቲ ከፈትዎ ከም ዘሎ ብሩህ ከሎ፡ ኣብ ፎሮ ''መጺካለይ'ዶ ፥ መጺካለይ'ዶ ክጽበየ'ካ'' እንዳ ደረፍና ከም መርዓዊ ክንቅበሎ ኣይግባእን ኢዩ።ስለዚ ድማ ኣብ እዚ ኣርእስቲ እዚ ኣዕሚቕና ንኽንዝቲ ኢየ ብህጹጽ ጸዊዔኩም ዘለኹ።'' ዝብል ጥራሕ ኢዩ ዝነበረ።

እቲ ፈላማ ርእይቶ ዝለገሰ ካብቶም ኣኼበኛታት ሻለቃ ሮሪሳ ዳዲ ኢዩ ኔሩ። ''ጀነራል ተሾመ ኣነ ምስ ርእይቶኹም ግርም ጌረ'የ ዝሰማማዕ።'' ኢሉ ኢዩ ክዛረብ ዝጀመረ። ኣስዒቡ ድማ '' እቶም ናይ ''27ኛ ሜካናይዝድ ብርጌድ'' ናብ ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ምስ ሙሉእ ዓቅሞም ምዝላቕ ወሰኒ ተራ ጸወታ ኣብዚ ኩናት ኣለዎ።መኽንያቱ ሻዕብያ ኣብዚ እዋን'ዚ 40 ኪሎ ሜትር ጥራሕ'ዩ ካብ ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ርሒቑ ዓሪዱ ዘሎ። ከምዚ ስለ ዝኾነ እቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቂ ፡ እዚ ሓሳብ'ዚ ብህጹጽ ክትግበር ኣለዎ።'' በለ።

ድሕሪ እቲ ሻለቃ ዋላ'ኳ ሒደት ርእይቶ ዝሃቡ መኮንናት ደርጊ እንተ ነበሩ፡ ግደ ሓቂ ንምዝራብ ግን ነቲ ናይ ሻለቓ ሓሳባት ብካልእ ቃላት ቀይሮም ዝደግሙ እንበር ሓደ እኳ ካብዞም ኩሎም ሓለፍቲ ሓድሽ ሓሳብ ዘምጽአ ኣይነበረን።

ጀነራል ተሾመ ድሕሪ እዚ ኹሉ ምዕዛቦም የዕንቶም ኣብቲ ኣዛዚ ሻድሻይ ክፍለ ጦር ሰራዊት 'ሃይሉ ኣየለ' ዓረፉ። ቀጺሎም ድማ " ስማዕ ሃይሉ! እተን ኣብ ከተማ ዘለዋ ተሽከርከርቲ መካይን ናይ ዉልቀ-ሰባት ይኹና ናይ መንግስቲ ናብ ከተማ ምጽዋዕ፡ ብዝተካእለ ፍጥነት ናብቲ ''27ኛ ሜካናይዝድ ብርጌድ'' ልኣከን። እዚ ትእዛዝ እዚ እንተ ደንጎየ ጽባሕ ንግሆ ኣብ ግብሪ ክዉዕል ኣለዎ።'' ኢሎም ኣዘዙዎ።

እቶም ጀነራል ድሕሪ እዚ ኣስዒቦም ነቲ ኣዛዚ ዘማቲ ክፍለ ጦር ሰራዊት መኮነን ደርጊ ናይ ''27ኛ ሜካናይዝድ ብርጌድ'' ናብ ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ከዝልቕ ክዳለው ከም ዘለዎ ዝሕብር፡ ናይ ቴለ-ግራም መልእኽቲ ለኣኽሉ። እቲ ኣብ ከባቢ ሰዓት 08:00 ምሸት ዝጀመረ ኣኼባ ልክዕ ሰዓት 08:30 ተዛዘመ።

❊❊❊❊❊

ጄነራል ተሾመ እቲ ኣኬባ ምስ ተዛዘመ ብቕጥታ ካብ ቤት ጽሕፈቶም ናብቲ ቐንዲ ናይቲ ክፍለ ጦር ማእከላይ መአዘዚ ስፍራ ኢዮም ከይዶም። ካብታ ‘‘ጂፕ ዋዝ” መኪኖኦም ምስ ወረዱ ናብ ሸነኽ ዶግዓሊ ዘሎ ጎልጎል ኣማዕድዮም ጠመቱ። መብራህቲ ዝዉልዕ ጠያይቲ ነቲ ምሸት’ቲ ከም ጸሓይ ቀትሪ ንምድረ-ሰማይ ኣብሪህዎ ነበረ። እቶም ጄነራል ድሕሪ ቑሩብ ደቓይቕ ነቲ ኩነታት ብኣንክሮ ምዕዛቦም፡ ብቕጥታ ናብቲ በዓል ተራ ዝነበረ ኣዛዚ መኮነን ዝርከበሉ ስፍራ ‘‘ባንከር’’ ኢዮም ኣምሪሖም።(‘‘ባንከር’’ ማለት ኣብ ርእሲ ዕርዲ፡ ዕርዲ ዝተደርየ ዕርዲ ኢዩ።)

እቲ በዓል ተራ ኣዛዚ መኮንን መንእሰይ ኢዩ ኔሩ።እቶም ጄነራል ኣብቲ ዝነበሮ ቦታ ምስ መጹ፡ ካብቲ ኮፍ ዝበሎ ወንበር ተንሲኡ ምስ ማዕርጎም ዝዳረግ ክብሪ ወተሃደራዊ ሰላምታ ሃቦም።
ጄነራል ተሾመ ኣብ’ታ ንበዓል ተራ ኣዛዚ መኮነን መዕረፊ ክትከዉን ተባሂላ ዝተዘርግሐት ተዓጻፊት ዓራት ኮፍ በሉ ፡ እቶም ጄነራል ሓሙሸተ ኣጻብዕቲ የማናይ ኢዶም፡ ኣብ የማናይ ምዕግርቶም ኣንቢሮም ድሕሪ ንቑሩብ ደቓይቕ ስቕ ምባሎም።

ሃንደበት ነቲ ኣዛዚ መኮነን መንእሰይ ሻምበል ‘‘እዚ ኩነታት ኩናት ከመይ ኣሎ! ኣበይ ገጹ ዘምርሕ'ኽ ይመስለካ'ሎ!’’ ኢሎም ሓተትዎ።

እቲ መንእሰይ መኮነን መዘከሪ መዝገቡ እንዳ ገናጸለ ብመርትዖ ዝተመርኮሰ መልሲ ክምልሰሎም ጀመረ፡ ‘‘ሻዕብያ ኩሉ ዘለዎን ዘይብሉን ዓቕሙ ኣኻኺቡ ኢዩ፡ ኣብዚ ኩናት’ዚ ተሰሊፉ ዘሎ።’’ ኢሉ መግለጺኡ ፈለመ፡ ኣስዒቡ ድማ ‘‘ብመሰረት ካብ ኦፕሬተር ወተሃደራዊ ርክብ እንዳ 112ኛ በርጌድ ዝረከብክዎ ሓበሬታ። ሻዕብያ ኣብ ሸሽዱሽተ ሰዓታት ኢዩ፡ እቶም ክዋጉኡ ዝጸንሑ ኣባላቱ ብሓደስቲ ኣባላት እንዳ ቐየረ ዝዋጋእ ዘሎ። እዚ ቕዲ ኩናት’ዚ ድማ ኣዝዩ ሓደገኛ ኢዩ፡ መክንያቱ እቲ ኣብዮታዊ ሰራዊትና ብዙሕ ጸዓትን መስዋእቲን ከፊሉ ዝዓቀቦ ድፋዓት፡ ዳግማይ ብሓደ ሓዲሽ ሓይሊ ሒዙ ዝመጽአ መተካእታ ሰራዊት መጥቃዕቲ ክግበረሉ ከሎ፡ ክምክቶን ክጻወሮን ኣይንክእልን ኢዩ። ኣብ ርእሲ እዚ ድማ ሓደ ወትሃደር ኣባል ኣብዮታዊ ሰራዊትና ሓንቲ ጥይት ክትኩስ ከሎ፡ ካብ ኣባላት ሻዕብያ ኣርባዕተ ጠያይቲ ይትኮሰሉ ከም ዘሎ ሓበሬታ ኣሎኒ። ስለዚ ኣብዮታዊ ሰራዊትና ሓደ ንኣርባዕተ’ዩ ዝዋጋእ ዘሎ ማለት ኢዩ።’’ በለ።

እቶም ንሱ ስጋብ መግለጺኡ ዝውድእ ጽን ኢሎም ብጽሞና ክሰምዕዎ ዝጸንሑ ጄነራል ተሾመ ‘‘ሻምበል ወንድወሰን፡ እዚ እሞ ዘጠራጥር መክንያት የብልካን ልክዕ ኢዩ። ኣነ ባዕለይ እኮ ኣብቲ ቦታ ዓውደ-ኩናት ከይደ እቲ ኣገባብ ኩናት ተዓዚበዮ ኢየ። ኣብዮታዊ ሰራዊትና ሓደ ምስ ኣርባዕተ ዘይኮነስ፡ ሓደ ምስ ዓሰርተ ኣባላት ሻዕብያ ገጢሙ ኢዩ ዝራባረብ ዘሎ።’’ በሉ ብጊድኦም።

❊❊❊❊❊

ብድሕርዚ ነቶም ጄነራል ተሾመ ካብቲ ክሳዶም ንመሬት ደፊኦም ክልተ ኣእዛኖም ኣውዲቖም፡ ኣብ ዓሚቕ ባሕሪ ሓሳብ ኣትዮሙሉ ዝነበሩ ህሞት ዘገላገሎም ድምጺ ጻውዒት ሽሞም ብኦፕሬተር ሬድዮ ወተሃደራዊት ርክብ ኢዩ።

መልእኽቲ እቲ ኦፕሬተር ሬድዮ ወተሃደራዊት ርክብ፡ ሓደ ኣባል ሻዕብያ ብኣብዮታዊ ሰራዊትና ተማሪኹ ስለ ዘሎ፡ ንሶም ካብ ነቲ ሙሩኽ ሒዞም ናብኦም ዝመጹ (ሓይሊ ሰብ ዘጓድሉ)። እቶም ጄነራል ባዕሎም ናብቲ ቦታ መጽዮም ምስ እቲ ሙሩኽ ክዘራረቡ ዝዕድም ኢዩ ኔሩ። እዚ ብስራት'ዚ ንወገን ኣብዮታዊ ሰራዊት ዝኮነ ፍጥረት፡ ኣብዞም ዝሓለፉ 12 ሰዓታት እንኮ ( ሓደ ) ሞራልካ ንላዕሊ ሓፍ ዘብል ብስራት ስለ ዝነበረ። እቶም ኣኼበኛታት ኩሎም ተሓጎሱ።

ጄነራል ተሾመ መልእኽቲ ኦፕሬተር ወተሃደራዊት ሬድዮ ርክብ ኣብዮታዊ ሰራዊት "ሓደ ኣባል ሻዕብያ ተማሪኹ ኣሎ" ዝብል ምስ ሰምዑ። ዋላ'ኳ እቲ ኣስናኖም ብደስታ ፍሽኽ ይበል እንበር፡ ነቲ ቀዳማይ መልእኽተኛ ኣእምሮ "ሓቕኻ ዲካ? ዝተረጋገጸ ጭቡጥ ወረ ድዩ? '' ኢዩ ዝበለ ልሳኖም ተጠራጢሩ በቲ ሓድሽ ናይ ብስራት ወረ።

እቲ ሬድዮ ኦፕሬተር ተኣማሚኑ ሓቅነት እቲ ፍጻሜ ብነብሰ-ምትእምማን ምስ ሓበሮም፡ እቲ መራሒ መኪና'ኦም ንቐጻሊ ግዕዝ ክዳሎ ደቒሱ ስለ ዝነበረ፡ ንሶም ድማ ንሱ ስጋብ እቲ ንቡር ድቃሱ ወዲኡ ዝትንስእ ክጽበዩ ዓቕሊ ክገብሩ ስለ ዘይከኣሉ። ነታ መኪንኦም ኣተሲኦም ባዕሎም እንዳ ዘወሩዋ ጸሊም ጽርግያ መገዲ ምጽዋዕ ሒዞም ናብ ናይ ሻድሻይ ክፍለ ጦር መኤዘዚ ቦታ ገጾም ተመርቀፉ።

ኣብቲ ናብ 'ሻድሻይ ክፍለ ጦር መእለዪ ቀራና መንገዲ ምስ በጽሑ ግን እቶም ጄነራል መኪና ናብ ሸነኽ ጸጋም ዝወስድ መገዲ ክጠውይዋ ምስ ፈተኑ፡ እቲ መዘወሪ ( ስቴርሶ ) ናይታ መኪና ሓንሳብ ምስ ተጠወየ ኣይምለስን ናብ ቦታይ ኣይምለስን ኢሉ እምቢ ስለዝበለ፡ እታ መኪና ካብቲ ቀንዲ መስመር ጸሊም ጽርግያ ሓደ ዓሰርተ ሓሙሽተ ሜትሮ ዝኸዉን ንግዳም ፈንጺጋ ወጺኣ ምስ ሓደ ገረብ ተጋጭያ ደው በለት። ብድሕሪ'ዚ እቶም ጄነራል ካብ'ቲ ዝነበሮም ስንባዴ ምስ ተናገፉ "በስመ ኣብ ወ'ወልድ፡ ወ'መንፈስ ቅዱስ ኣሃዱ ኣምላክ።ኣንታ ኣምላኽ ! ሰማይን ምድርን ዝፈጠርካ! ንምንታይ ኢኻ ካብዚ ኹሉ መዓት ኣድሒንካኒ ከተብቕዕስ ብሓደጋ መኪና ክመዉት ዝፈተንካኒ? " በሉ ብዓውታ።

እቲ ኣብ ዳሕረዋይ ኩርሲ እታ መኪና ኮፍ ኢሉ ዝነበረ ሓለቓ ሚእቲ ታደሰ ቴለ ሳልቪኖ ጸሓፊ ናይዚ ዛንታን፥ እቶም ክልተ ዓሻክር ወተሃደራት ዓቓብቲ ሂወት ( ጋርድ ) ጄነራል ተሾመን እዉን ማዕረ እቶም ጄነራል ኢዮም ሰንቢዶም።

ሞቶረ እታ መኪና ድሕሪ'ቲ ዘጋጠመ ሓደጋ ብቕጽበት ኢዩ ጠፊኡ። እቶም ጄነራል ዳግማይ

ሞቶረ መኪና'ኦም ከተንስኡ ደጋጊጎም ፈቲኖም ምስ ተሓለሉ። ኣብቲ ድቕድቕ ጸልማት ምሸት'ቲ ሒደት ዘለዎም ወርቃዊ ግዜ ኣብ ፈተነ ሞቶረ መኪና ምትንሳእ ከጥፍእዎ ስለ ዘይመረጹ፡ ነቲ ተሪፍዎም ዝነበረ ብግምት 300 ሜትሮ ርሕቀት ዝከዉን ''መአዘዚ ናይ ሻድሻይ ነበልባል ክፍለ ጦር-ሰራዊት" ብእግሮም ክዓምዎ ወሰኑ።ስለዚ ጄነራል ተሾመ ምስ'ቶም ክልተ ዓቀብቲ ሂወት ( ጋርድ ) ዓሳክሮምን፡ ምስ ሓለቓ ሚእቲ ታደሰን መኪና'ኦም ጠንጢኖማ ብእግሪ ግዕዞ ተተሓሓዝዎ። ብድሕሪ'ዚ እቲ ተረኛ ዋርድያ ናይታ ምሸት ወትሃደር "ደው በል! ከይትንቐሳቐስ። መን ኢኻ ! '' ኢሉ ሓተተ። ሓደ ካብቶም ዓጀብቶም ነታ መንቐሳቀሲት ምስጢራዊት ቃል ወተሃደራዊ ሓለዋ ድሕነት ( ድራር ለይቲ ) ናይታ ምሸት ይፈልጣ ስለ ዝነበረ "ኣሞራን ማንቲለን ኢና'' ምስ በለ። እቲ ዋርድያ ቀጠልያ መብራህቲ ናይ ሕለፍ ወልዓሎም።

እቲ ሻድሻይ መኤዘዚ ክፍለ ጦር ሰራዊት ዘይ'ከም ቐደሙ ጭዉ-ጭዉ ኢዩ ዝብል ዝነበረ። እታ እንኮ በሪሃ ዝነበረት ክፍሊ ኣብቲ ገፊሕ ክቢ ቅርዓት ቤት-ጽሕፈት ናይቲ ሓላፊ ጎስጓስን ሓበሬታን ጥራሕ ኢያ። ጀነራል ተሾመ ዘብ-ዘብ ሓውሲ ብጉያ-ጉያ ዝዓይነቱ እንዳ ሰጎሙ ቀልጢፎም ኣብ ዉሽጢ'ታ ቤት-ጽሕፈት ደበኽ በሉ።

እቲ ሓላፊ ጎስጓስን ሓበሬታን ሻድሻይ ነበልባል ክፍለ-ጦር ሰራዊት ምስ ክብሪ ጄነራል ተሾመ ዝዳረግ ወተሃደራዊ ሰላምታ ካብ መንበሩ ተንሲኡ እኳ እንተ ሃበ እቲ ግብረ-መልሲ ናይቶም ጄነራል ግን ከም'ቲ ንቡርን ልሙድን ባህርያቶም ኣይነበረን።

እቶም ጄነራል ኣዓንቶም ኣብ እቲ ኣብ የማንን ጸጋምን፡ ኣብ ቅድሚትን ድሕሪትን ተጨሪሑ ዝነበረ መናድቕ እቲ መረባዕ ሕጹብ-ጡብ ዓሪፉ፡ሃሰው-መሰዉ ጥራሕ ምስ ኮነ። እቲ ሓላፊ ጎስጓስን ሓበሬታን ሓሳባቶም ስለ ዘንበበ ገና ከይተሓተተ ከሎ "ሓደ ዝተወግኤ ኣባል ሻዕብያ ተማሪኹ ኣሎ፡ ነቲ ሙሩኽ ዝግባእ ክንክን ሕኽምና ጥዕና ምስ ተዋህበ፡ ኣነ ፋልማይ ቃል-መርመራ መዝገበ ናብ ቤት-መሓዪር ክፍለ ሰራዊትና ልኢኸዮ ኣለኩ።ጎይታይ'' በለ ብትሕትናን ኣኽብሮትን።

እቶም ጄነራል እቲ ቃል-መርመራ ኣብ ቤት-ጽሕፈቶም ብሕት ኢሎም ከንብብዎ ስለ ዝመረጹ፡ እቲ መዝገብ ፈለማ ቃል-መርመራ ተቐቢሎም ናብ ቤት-ጽሕፈቶም ሒዞሞ ከዱ...........

**ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ዕለት 09-01-1990 ብኣቶጻጽራ ፈረንጂ ፋልማይ ቃል-መርመራ ሙሩኽ ኣባል ሻዕብያ**

**ስም ሙሩኽ፡ መሓሪ ዮውሃንስ**

**ዕድሜ፡** 22 ዓመት
**ሃይማኖት፡** ተውሃዶ ኦርቶዶክስ
**ደረጃ ትምህርቲ፡** 10 ክፍሊ
**ዝተወለደሉ ቦታ፡** ኣውራጃ ኣከለጉዛይ ከተማ ዓዲ-ቀይሕ ቀበሌ-01
**ሓላፍነቱ ኣብ ሻዕብያ፡** ኣብ ብርጌድ 70 ካልኣይ ቦጦሎኒ መራሒ ሓይሊ
**ዝተማረኸሉ ቦታ፡** ኣውራጃ ቀይሕ ባሕሪ ወረዳ ጊንዳዕ ጋሕቴላይ
**ዝተማረኸሉ ዕለት፡** ዕለት 09-02-1990 ዓ.ም
**ዝተማረከሉ ግዜ፡** ብወተሃደራዊ ኣቆጻጽራ ሰዓት 17፡00 ( 05 pm)
ተወጊኡ ዝተማረኸ

**ቃል- ሙሩኽ......**

ሻዕብያ፡ ሓሙሽተ ብርጌድ ኣጋር ሰራዊትን ሰለስተ ከቢድ-ብረት ሜካናይዝድ ብርጌዳትን ሓደ ናይ ኮማንዶ ብርጌድን ብድምር ሸሞንተ ብርጌዳት ሓይሊ ሰብ ኢዩ ኣሰሊፉ ዘሎ።

ሻዕብያ፡ ሰብዓ T-55 ታንክታትን ማእለያ ዘይብሉ ኣብ ኣፍዓቤት (ናደው እዝ) ዝተማረኸ ናይ ርሑቕን ቀረባን መዳፍዕ ዝዉኑኑ ሰለስተ ናይ ከቢድ ብረት፡ ብርጌዳትን ኣርባዕተ ስጋብ ዓንቀሮም ዝዓጠቑ ጠያይት መዳፍዕ ጸረ-ነፈርቲ ሓይልታት ኣሰሊፉ ኣሎ።

ሻዕብያ፡ ብዕለት 30-01-1990 ዓመተ ምሕረት ፈረንጂ ካብ ኣፍዓበት ተበጊሱ'ዩ፡ ልክዕ ኣብ ድሕሪ ቀትሪ ሰዓት ሰለስተ ኣብ ግንባራት ሶሎሙና፡ሽዕብ፡ ዊቕሮ፡ኢበርምት፡ መጥቃዕቲ ከፊቱ ከቢድ ክሳራ ዘውረደ።

እቲ ቀንዲ ዕላማ ሻዕብያ ኣብዚ ናይ ሕጂ መጥቃዕቲ፡ ሻዕብያ ነቲ ጸሊም ጽርግያ መስመር ኣስመራ ምጽዋዕ ጎሮሮ ካልኣይ ኣብዮታዊ ሰራዊትና ንምልኳቱን ንወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ሙሉእ ብምሉእ ንምቑጽጻርን ኢዩ።

ኣብቲ ናይ ዜሮ ሰዓት እቶም ላዕለዎት ሓለፍቲ በብተራ ነቲ ኣጥቃዒ ኣባል ሰራዊት ሻዕብያ መደረ ከም ዝገበሩሉ’ዉን እቲ ሙሩኽ ሓቢሩኒ ኣሎ። እቶም ኣጥቃዕቲ ኣባላት ሻዕብያ ድማ ብጨብጨባን ብእልልታን ሓጎሰም ከም ዝገለጹን። ነቲ ባህጊ ናይ ምውጋእ ሞራሎም ብጣቕዒትን ብእልልታን ከም ዝገለጽሎም ሓቢሩኒ ኣሎ ።

ብመሰረት እዚ ድማ እቲ ዝሓተትክዎ ሕቶታትን መልሲታቱን እነሆ ...

**ሕቶ፡** “ ትሕዝቶ ኢሰያስ ኣፎወርቂ ዘቕረበ መደረ ዘርዚርካ ክትነግረኒ ትኽእል’ዶ ?”

**መልሲ፡** “እወ ግርም ጌረ እንበር እነግረካ። እቲ ሕጂ ክዝኽሮ ዝኽእል ጽማቕ ትሕዝቶ መደረ ኢሰያስ ኣፎወርቂ ክነግረካ ኢየ....

“ህዝቢ ኤርትራ ካብቶም ቀዳሞት ኢምባሮጦርያ ኣስፋሕፋሕትን ጎበጥትን መሰፍንቲ ኢትዮጵያን፡ ካብ መግዛእቲ እቲ ድሑር ፊዉዳላዊ ንጉስ ሃይለ ስላሴን፡ ካብቲ ኣረሜናዊ ፋሽሽቲ ስርዓት ደርጊን፡ ሳላ’ቲ ቅድሚ 29 ዓመታት ሰውራ ተኺሉ ብረታዊ ተጋድሎ ዝጀመሮ፡ እንሆ ሕጂ ፍረ እቲ ዝሓለፈ መሪር ናይ ቃልሲ ዓመታት፡ ሰብዓ ካብ ሚእቲ ካብ ስፍሓት መሬት ኤርትራ ሓራ ኮይኑ ኣሎ።

ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ሳላቲ ኣብ 1988 ግንባር ‘’ናደው እዝ’’ ደምሲሱ ኣእላፍ ከበድትን ፎከስትን ብረታት ዝማረኸ፡ እንሆ ሕጂ ሚዛን ዓቕሚ ምትኳስ ጸላኢን ህዝባዊ ግንባርን ተደላዲሉ ኣሎ፡ ክብርን ሞጎስን ነቶም ሂወቶም ከፊሎም እዚ ክከኣል ዝገበሩ ሰማእታትና። ” ኢሉ ትንፋሱ ካብ ዉሽጢ ማዕሙቅ ሳንብኡ ሲሑቡ ንግዳም ድሕሪ ምትንፋሱ።

ኢሰያስ ኣፎወርቂ ቀጺሉ.... “ላዕለዋይ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር: ድሕሪ እቲ እኹል ግዜ ሂቡ ጽጹይ መጽናዕቲ ምግባሩ፡ እንሆ ሕጂ ነታ በሪ ነጻነት ሃገረ ኤርትራ ትኽፍት ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ንኽንቆጻጸር መጥቃዕቲ ክንገብር ወሲኑ ኣሎ። ስለዚ ነብሲ ወከፍ ተጋዳላይ ሎሚ’ዉን ከም ትማሊ ንኹሉ ዘጋጥሞ ማሕለኻታትን ብድሆታትን ብጽንዓት መኪቱ ክስዕሮ ኣለዎ!

እቶም ዝበዝሑ በዳህቲ ዘስግኡና ዝነበሩ ሓያላት ሙኩራት የማናይ ኢድ ኮነሬር መንግስቱ ሃይለማርያም ዝነበሩ ጀነራላት፡ ኣብቲ ዓሚ ዝፈሸለ ፈተነ መፈንቅለ መንግስቲ ኢድ ስለ ዝነበሮም ገሊኦም ተረሺኖም፡ ገሊኦም ድማ ተኣሲሮም ኢዮም ዘለዉ። ሓደ ጀነራል ሑሴን ኣሕመድ ዝተባህለ ኣዛዚ ካልኣይ ክፍለ ሰራዊት ደርጊ ጥራሕ’ዩ ተሪፉ ዘሎ። እሱ በይኑ ኮይኑ ድማ ዘፍርዮ ወላ-ሓንቲ ነገር የለን። ስለዚ እዚ ኩናት’ዚ ክንዕወተሉ ኢና። ግን እዚ ክብለኩም ከለኹ ‘ኣብ ኩናት ጸላኢኻ ምንዓቅ፡ መራሒ ንስዕረት’ካ ስለ ዝኾነ ተጠንቐቑ። ብጾት ቃልስና ነዊሕን መሪርን ኢዩ። ግን ኣብ መጨረሽታ ዓወትና ናይ ግድን ኢዩ’’ ኢሉ። ሓሙሽተ ኣጻብዕቲ ጸጋማይ ኢዱ ጨቢጡ ብነድሪ ኢዱ ንላዕሊ ሓፍ ኣቢሉ ‘’ ዓወት ንሓፋሽ ’’ በለ። እቶም ብዓሰርተታት

ኣሸሓት ዝቁጸሩ ኣብቲ ጎልጎል ከም ጻጸ ተሰሪዖም ብደዎም ተመሲጦም መደሩኡ ክሰምዑ ዝጸንሑ ወንበዴታት(ተጋደልቲ) ድማ፡ ብሓደ ድምጺ ኹሎም ብሓባር "ዉድቀት ንፈሽፋሽ" ድሕሪ ኢሎም ምምላሶም። እቲ ልዑል ኣኽብሮትን ኣድናቖትን ኣብ ርእሲ ኢሰያስ ኣፎወርቂ ዘለዎም ክገልጹ ጣቕዒትን እልልታን ከም ነጎዳ ሓምለ-ሰነ ኣንጎድገድዎ።

**ሕቶ =>** "መደረ ስብሓት ኤፍሬም'ከ! እንታይ ኢዩ ትሕዝትኡ ኔሩ! ምስኡ ወሲኽካ ድማ ኣብ ንቕሎኹም ዝነበረ ስምዒታት ናይቶም ሰራዊት? ድሕሪ ንዓና ኣጥቂዕኩም ዓወታት ምሕፋስኩም ዝነበረ ስምዒትን ሞራልን ሰራዊትኩም ከኣ ከይተሰከፍካ ኣዕልለኒ።" ኢሉ ብትሕትና ሓተተ።

**መልሲ=>** "ስብሓት ኤፍሬም ወትሩ ጸዋግ ኢዩ፡ ስብሓት ኤፍሬም ክኸዉን ይኽእል'ዩ ኢሉ ዝሓንጸጸ ወተሃደራዊ ቅዲ ኣብ ባይታ ብግብሪ ከየተግበሮ ዘይድቅስ፡ ሽሙ ግኑንን ዉሩዩን ኢዩ ኣብ ተጋደልቲ።'' ኢሉ ጀሚሩ፡ ቐጥታ ኣብ ትሕዝቶ መደረ ስብሓት ኤፍሬም ሰገረ "ሳላ'ቲ 'ንጸላኢ ብብረቱ' ጭርሖና'ን ሳላ'ቲ መስዋእቲ ብሉጻት ብጾትናን፡ ሎሚ ንሕናን ጸላእን 'ማዕረ ዕጥቒ' ዓጢቕና ኢና፡ ኣብ ዓውደ-ኩናት ክንጋጥም በቒዕና ዘለና፡ ኮኔለር መንግስቱ ሃይለማርያም ለሚኑን ተለቒሑን ብረት ክሽምት፡ ንሕና ድማ እቲ ዝሸመቶ ብረት መንዚዕና ክንጮፍጭፎ ገና ኣብ ምርብራብ ኢና ንርከብ ዘለና። እምባኣርከስ እዚ ስለ ዝኮነ እቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቂ። ኣሽንካይ'ዶ ሎሚ ምዕቡላት ታንክታትን ዝተፈላለዩ ናይ ሓጺርን ርሑቕን መዳፍዓትን ጸረ ነፈርቲን ወኒናስ፡ ትማል ትማሊ እኮ ንጸላኢ ብካላሽን ምስ ታንክታቱ ተራጺምና ኢና ስዒርናዮ። ኣብ ኣጋ-ወጋሕታ ዘሎ ጸላማት ድቕድቕ ዝበለ ጸልማት ኢዩ'ሞ። ብጾት ኣስናኑኩም ንኸሱ!!! ዓወት ንሓፋሽ!!!'' ኢዩ ጽማቕ ትሕዝትኡ ዝነበረ።

ይቕጽል....



- እቲ ሙሩኽ ኣባል ሻዕብያ ቀጺሉ ከምዚ'ሉ ተዛረበ "ብጻይ ኢሰያስ ኣፎወርቂን ብጻይ ስብሓት ኤፍሬምን ድሕሪ ሓጺር መግለጺን መተባብዒን መደረ ምግባሮም። ዕለት 30-01-1990 ልክዕ ሰዓት 03:00 ኣጋ-ወጋሕታ ካብ ኣፍዓበት ነቒልና። ድሕሪ ነዊሕ ናይ መኪና ጉዕዞ ኣብ ግንባር ፍልፍል-ሰሎሙና በጺሕና በርቃዊ መጥዕቲ ኩናት ጀሚርና።

**ሕቶ=>** ብ ኣብዮታዊ ጦር-ሰራዊት ተማሪኽካ ኣብ ትሕቲ ጽጽጽር መንግስቲ ኢትዮጵያ ምህላዉካ እንታይ ይስማዓካ ኣሎ ?

**መልሲ=>** ኣነ ከቢድ መውጋእቲ ኣጋጢሙኒ ብዝሒ ደም ስለ ፈሲሱኒ ሃለዋተይ ስለ ስለዘጥፋእኩ'የ ክማረኽ ዝከኣልኩ፡ ብሕጊ ሻዕብያ ሙሩኽ ሙኳን ወንጀል ኢዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ'ዉን ጦር-ሰራዊት ናይ ደርጊ ተወጊእካ እንተ ማሪኾሙኹም ፡ ኣብቲ ቑስልኹም በሊሕ ዕንጨይቲ ኣእትዮም፡ ብኣረሜናዊ ኣገባብ ኣሳቒዮም ኢዮም ኽከቕትሉኩም፡ ምስ ሞትኩም ድማ ክሳድኹም ቆሪጾም፡ ሰብነትኩም ከም ወንበር፡ኮፍ መበሊ'ኦም ክገብርዎ ኢዮም፡ ዝብል ቀጻሊ ሓበሬታ ስለ ዝዋሃበና።እቲ ተጋዳላይ ካብ ዝማረኽ ብገዛእ ኣእዳዉ ሂዎቱ ከሕልፋ ኢዩ ዝመርጽ። ኣነ ምስ ተማረኹ እቲ ዝተገብረለይ ኣተሓሕዛን ክንክንን ግን ብግምጣሉ ኮይኑ ኢዩ ጸኒሑኒ።

ኣነ ምስ ተማረኹ።እቶም ወተሃደራት ደርጊ መጀመርያ ብመኪና ናብ መዓስከር ዶጎሊ ኣምጺኦሙኒ። ኣስዒቦም ቀዳማይ ሕክምናዊ ረድኤት ጌሬሙለይ። ከሙኡ'ዉን ዝብላዕን ዝስተን ሂቦም የዔንጊሎሙኒ። ሽዑ እቲ ቀጻሊ ሓበሬታ ዝወሃበና ዝነበረ ብካድራት ሻዕብያ ሓሶት ምንባሩ ተገንዘብኩ።

ድሕሪ እኽለ ማይ በሊዐ ምርግጋእይ፣ ንዝልዓለ ሓገዝ ሕክምና ናብ ሆስፒታል ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ኣምጺኦሙኒ።

ኣብ ወተሃደራዊ ሆስፒታል ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ምስ መጻኹ፡መጀመርያ እንጀራ ጻዕዳ ጣፍ ኣብ ዝባኑ ጥዑም ጸብሒ ዝግኒ ዝተጸብሔ ቀሪቦሙለይ። እቶም ወተሃደራት ደርጊ እዚ ኹሉ ክንክን ምስ ገበሩለይ፣ ሕጂ ንማዕተበይ ኢለ! ሓቒ ክነግረካ። ኣነ ብኣብዮታዊ ሰራዊት ብም'ምራኽይ ሕጉስ ኢየ። እንቋዕ ሂወተይ ኣብ "ዋንጣ'' ኣየጥፋእክዎ።

ጀነራል ተሾመ ተሰማ ነቲ ቃል-ምርመራ ሙሩኽ ሻዕብያ ምስ ኣንበብዎ። ኣብ ዓሚቕ ባሕሪ ሓሳብ ጥሒሎም 'ዝን' በሉ።

እቶም ጄነራል ሃንደበት “ጄነራል ጥላሁን ኣበይ መዕረፊ ኣጋይሽ ኢዮም፣ ኣዕረፎም ዘለው?” ኢሎም ነቲ ሓላፊ ናይ ጎስጓስን ሓበሬታን ሓተትዎ። እቲ ሓላፊ “ኣብ መዕረፊ ኣጋይሽ ቀይሕ ባሕሪ ኢዮም። ጎይታይ።’’ ኢሉ መለሰሎም። ጄነራል ተሾመ ተሰማ ምስ ጄነራል ጥላሁን ክላዘቡ ኣብቲ መዕረፊ ኣጋይሽ ምስ ደወሉ፣ ጄነራል ጥላሁን ኣብ ግዳም ምህላዎም ስለ ዝተሓበሩ።ነቲ ኦፕሬተር ወተሃደራዊት ሬድዮ ርክብ ምስ ጄነራል ጥላሁን ከራኽቦም ኣዘዝዎ።

ድሕሪ ሒደት ደቓይቕ ብወተሃደራዊ ሬድዮ ርክብ ተራኸቡ። ጄነራል ተሾመ ምስ ጄነራል ጥላሁን ድሕሪ እቲ ልሙድ ሰላምታ ምልውዋጦም።ሓደ ኣባል ሻዕብያ ተማሪኹ ዝረብሕ ሓበሬታ ሂቡ ከም ዘሎ።እሶም ናብ’ቶም ላዕለዋይ ሓላፊኦም ጸብጻብ ኣቕረቡ።

እዚ ምስ ሰምዑ ጄነራል ጥላሁን፣ “ተሼ። እዚ ኩነታት እዚ ንጀነራል ሑሴን ብህጹጽ ሓብሮም።እቲ ሙሉእ ጸብጻብ ቃል-ምርመራ እቲ ሙሩኽ ካኣ ቀልጢፍካ ልኣኸለይ ኢኻ።” ኢሎም ተሰናበትዎም። ጄነራል ተሾመ ካብቲ ቤት ጽሕፈት ሓላፊ ጎስጓስን ሓበሬታን ወጽዮም ናብ ቤት ጽሕፈቶም ከዱ።ሽዑ ንሰዓት 11 ዓሰርተ ጎደል ኮይኑ ኔሩ። እቲ ሰፊሕ መጥቃዕቲ ሻዕብያ ንወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ንምቑጽጻር ዝሃቀነ ብኸመይ ከፍሽልዎ ከም ዝኽእሉ ሓሳባት ኣዊረዶም ኣደይቦም፣ ቁጽሪ ደሚሮም ኣጉዲሎም ኣራቢሖም ፋይዳ ዘለዎ ሓሳብ ከመንጭዉ ኣይከኣሉን።

ሃንደበት ድማ ሓደ ሓሳብ ብልጭ በለ ኣብ ኣእምሮኦም። ክልተ ሓጋዚ ክፍሊ ኣጋር ጦር-ሰራዊት ተደራቢ ኣብ ግንባር ጊንዳዕ እንተ ተላኢኹ፣ ሻዕብያ ሓመድ ዕደ ኽትሰትይ ኢያ። እዚ ሓሳብ ብከመይ ኣብ ባይታ ክትግበር ከም ዝኽኣል ወጢኖም፣ ንጄነራል ሑሴን ዉጥን ቅዲ ኩናት’ቶም ንኽሕብርዎም። ናብቲ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዝርከብ ቤት-ጽሕፈት ጄነራል ሑሴን ቴሌፎን ደወሉ።

እቲ ጻውዒት ቴሌፎን ምስ ተሰምዔ።ጄነራል ሑሴን ባዕሎም ኢዮም ነታ ቴሌፎን ኣልዒሎማ።ድሕሪ እቲ ልሙድ ሰላምታ ምልውዋጦም።ጄነራል ተሾመ ንእስክላ ካብ ሓደጋ መኪና ሂወቶም ምትራፋን፥ ሓደ ኣባል ሻዕብያ ተማሪኩ፡ቃል ምርመራ ጌሮሙሉ ከም ዘለዉን፡ ሓበርዎም።፡

ጄነራል ሑሴን ብግዲ’ኦም “እንቋዕ እግዚኣብሄር ካብቲ መዓት ብሰላም ኣውጽኣካ። በርትዕ። ተሼ ንስኻ ዝኸፈልካ ከፊልካ ን’ሻዕብያ ኣዋሪድካን ኣሕፈርካን ከተባርሮ ኣለካ።’’ ድሕሪ ምባሎም። ኣስዒቦም “ኣብዚ እዋን’ዚ ኩነታት ኩናት ምስ ሻዕብያ ከመይ ኣሎ! ” ኢሎም ሓተትዎ።

ጀነራል ተሾመ “ኣብ ሙሉእ ግንባር ቀይሕ-ባሕሪ ድሕሪ ሰዓት 08፡00 ምሸት ኩነታት ኩናት ሃዲኡ ኣሎ። ግን ሻዕብያ ተደራቢ ሓይሊ ሰብ ብመኪና ናብ ጋሕቴላይ የግዕዝ ኣሎ። ኣብ ማዕዶ ብዝሒ መብራህቲ ናይ ጽዕነት መኪና ይራኣይ ኣሎ።እቲ ሙሩኽ ኣባል ሻዕብያ ግርም ዝኾነ ሓበሬታ ኢዩ ሂብና።ሻዕብያ ዘሎን ዘየለን ሓይላ ጠራኒፋ ኢያ ገጢማትና ዘላ።ስለዚ ድማ ክልተ ሙኩራት ሓያላት ክፍለ ጦር-ሰራዊት ናብ ከተማ ምጽዋዕ ተዘይ ልኢኽሙለይ፡ ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ኣብ ሓደጋ ክትወድቕ ዓቢ ተኽእሎ'ዩ ዘሎ።’’ በሉ።

ጀነራል ሑሴን እቲ ሙሩኽ ተራ ድዩ ሓላፊ ኢሎም ሓተቱ። ጀነራል ተሾመ ‘’ጎይታይ።እዚ ሙሩኽ ኣብ ናይ ሻዕብያ ብርጌድ 70 መራሒ ሓይሊ ኢዩ ኔሩ።እዚ ሙሩኽ ኣብ ዓስራይ ክፍሊ ትምህርቱ ኣቋሪጹ ካብ ከተማ ዓዲ-ቀይሕ ዝሸፈተ መንእሰይ ኢዩ።’’ ኢሎም ሙሉእ ሓበሬታ እቲ ሙሩኽ ሃብዎም።

ጀነራል ሑሴን “ብጣዕሚ ደስ ዝብል ብስራት ኢኻ ኣስሚዕካኒ።ብስራትካ ይጥዓም።ጽባሕ ንግሆ ለማናይ ከይሓርኤአ ሄሊኮፕተር ካብ ኣስመራ ክልእከልካ ኢየ።ብሁጹጽ ነዚ ሙሩኽ ናባይ ልኣኮ። እቲ ኣቀዲሚካ ዘቕረብካዮ ጠለብ ተደራቢ ሓይሊ ኣጋር ሰራዊት ከኣ ድሮ ጊንዳዕ በጺሑ ምስ ሻዕብያ ይረባረብ ኢዩ ዘሎ።

ክፍለ-ጦር ሰራዊት 18ኛ ማለት እኮ ቅዲ ኩናትን ወተሃደራዊ ታክቲክን ሻዕብያ ሕራ-ሕራይ ጌሩ ዝፈልጦ ኢዩ። ኣብ ዉሽጢ 48 ሰዓታት ን’ሻዕብያ ክሳዱ ኣድኒኑ ናብቲ ትማሊ ዝነበሮሉ ኣኽራናት ሳሕል ክመልሶ ኢዩ። ክፍለ ጦር ሰራዊት 18ኛ ስሚ ሻዕብያ ሙኳኑ ተገንዘብ።’’ በሉ ብልዑል ነብሰ-ተኣማምነት።


ጀነራል ተሾመ እቲ ዝነበሮም ስግኣት ማለት ቀንዲ ዕላማ ሻዕብያ ጊንዳዕ ንኽቆጻጸር ኣይኮነን።እዚ ንመዳህለሊ ዝጥቀመሉ ዘሎ ታክቲክ ኢዩ።እቲ ዋና ዕላማ ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ንምቑጽጻር ኢዩ።ስለዚ ኩሉ ኣሎና ንብሎ ሓይሊ ናብ ምጽዋዕ እንተ ትልእኸለይ ምሓሸ ኢሎም ሓሳቦም ወላ'ኳ እንተ ሃቡ። ዝሰምዕ እዝኒ ግን ኣይነበረን።

ግብረ መልሲ ጀነራል ሑሴን “ጽባሕ ‘18ኛ ተራራ ክፍለ-ጦር ሰራዊት’፡ እቲ ቀንዲ መስመር ኣስመራ ባጽዕ ጸሊም ጽርግያ ተቖጻጺሩ፡እቲ ዝጠለብካዮ ሰራዊት ብመኪና ተጓዒዙ ናብ ከተማ ባጽዕ ክመጸልካ ኢዩ።’’ ዝብል’ዩ ዝነበረ።ኣስዕብ ኣቢሎም ካኣ “ምስ ሻዕብያ እኮ ግርም ጌርና ኢና ንፉለጥ።' ኣለኩ!'ኣለኹ!' ክብል ኢዩ ኣእዳዉ ዊጥ-ዊጥ ዘብል ዘሎ’ምበር ዘምጽኦ ፋይዳ የብሉን። ከም ቀደሙ ኣዝሊቑ’ዶ ሰንጭረ'ዶ ኢሉ፡ እተን ዘወጣወተን ኣእዳው ተኸርቲሙ ናብቲ ትማል ዝነበሮ ኣኽራናት ሳሕል ክምለስ ኢዩ’’ በሉ።

ጄነራል ተሾመ ወላ'ኳ እቲ ዝዋሃቦም ዝነበረ መልሲ እንተ ዘይተዋሓጠሎም ግን እቲ ምክርካር ትርጉም ኣልቦ ሙኳኑ ስለ-ዘስተብሃሉ ኢዮም መስለኒ ስቕ ዝበሉ።

ይቕጽል.......

❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇❇




- ጄነራል ተሾመ ተሰማ ሻዕብያ ኣብ ግንባር ጊንዳዕ ዝኽፈቶ መጥቃዕቲ ንዓና ንምድንጋር ሙኳኑ፡ እቲ ቀንዲ ዕላማኡ ንወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ንምቑጽጻር ሙኳኑ ከም ጥምየት ከብዶም ኢዮም ፈሊጦሞ ኔሮም።ግን ሰማዒ እዝኒ ኣይረኸቡን።ብኣንጻሩ እኳ ድኣ መልሲ ጄነራል ሑሴን "ኣጆኻ ጎበዝ እዚ ኩነታት ንብጻይ ኣቦ-መንበር ኣብዮታዊት ኢትዮጵያ መንግስቱ ሃይለማርያም ሓቢረ'ዮም ኢየ። ብጻይ መንግስቱ ሃይለማርይም ድማ ሻዕብያ መገዲ ሰላም ሓንጊዱ ኩናት ካብ መረጸ ን'ሓንሳብን ንመጨረሻን ንኽድምሰሶ ወሲኑ ኣሎ። ሻዕብያ መቕበሪኡ ጉድጓድ'ዩ ዝፍሕር ዘሎ። ንጸላኢኻ'ዉን ዘይትምነየሉ ኣቀጻጽዓ ጥራይ ጌርካ ቅጽዓዮ '' ዝብል መልሲ ኢዩ ተዋሂብዎም።

እዚ መልሲ ጀነራል ሑሴን ምስቲ ሕቶ ስግኣት ጀነራል ተሾመ ዝቃዶ ኣይነበረን። ስለዚ ጄነራል ተሾመ “እወ ግርም ሓሳብ ኢዩ።ግን ጽቡቕ ጌረ ክቖጽዖ ንሻዕብያ ዝኽእል እኮ ጸብለልነት ብዓቕሚ ሰብን መሳርያን እንተ ሃልዩኒ ጥራሕ ኢየ።ብመሰረት እቲ ትማሊ ረኺበዮ ዘሎኹ ጸብጻብ፡ ኣብዘን ሒደት ናይ ኲናት ሰዓታት ጥራሕ 5 ሽሕን 7 ሚእቲን 54 ወተሃደራት ብመስዋእትን፣ መውጋእትን፣ ብካልእ ሕጂ መክንያቱ ዘይፈለጥክዎ ኩነታት ካብ ሓይልታት ተዋጋኢ ጦር-ሰራዊትና በኺሮም ኣለዉ። እዚ ማለት ድማ ካብ ሰለስተ ብርጌዳት ዘይውሕድ ሕጽረት ዓቕሚ ሰብ ኣጋጢሙኒ ኣሎ ማለት ኢዩ። እቶም ተሪፎም ዘለዉ ጦር-ሰራዊት እዉን እንተኮኑ፡ኣብ ፈቐዶ ስንጭሮ ብዘይ ተወደበ ኣገባብ ተበታቲኖም ስለ ዘለዉ፡ ኣዋሃሂደ ክመርሕ ኣይከኣልኩን ዘለኹ።’’ ኢሉ እቲ እቲ መሪር ሓቂ ኣብ ባይታ ዘሎ ህልው ኩነታት ደርጕሖሎም። ጄነራል ሑሴን እዚ ምስ ሰምዑ ብጣዕሚ ኢዮም ሰንቢዶም።

ጄነራል ሑሴን “ኣዝዩ ኢዩ ዝገርም’’ በሉ ትንፋሶም እንዳ ተቖራረጸ። ኣስዒቦም ከኣ “እዚ’ኮ ተራእዩን ተሰሚዑን ዘይፈልጥ ሓደጋ’ዩ ወሪዱና ዘሎ። እንታይ ተኣምራት ተፈጢሩ ኢዩ፡ ኣብ ዉሽጢ ሓደ ኩናት ዕስራን ኣርባዕተን ሰዓታት ገና ዘየቑጸረ ክሳብ ክንዲ'ዚ ዝኣክል ሽሾ ሰራዊት ኣብ ሓደ ረፍዲ ክንከስር ዝኸኣልና! ’’ ኢሎም ተጣሩ።

ጄነራል ተሾመ እዚ ጸብጻብ’ዚ ንብርጌድ 112 ገዲፍካ፡ጸብጻብ እኩብ ድምር እተን ካልኦት ብርጌዳት ጦር-ሰራዊት ሙኳኑ፣ ዘጊት ጸብጻብ ኩናት ብርጌድ 112 ቐሪቡ ስለ ዘየለ ግን እቲ ዝነበረ ምረት ኩናት ኣብ ግምት ኣእቲካ ክዝረብ እንተ ተኻኢሉ፡ ጸብጻብ ኩናት ብርጌድ 112 ምስ ተደመሮ፡ እቲ ክሳራ ኣዝዩ ክብርኽ እንበር ክንኪ ከም ዘይክእል ኣረድእዎም። ድሕሪ’ኡ’ዉን ኣስዒቦም “እዚ ኩናት ከይተጎሃሃረ ኸሎ ምእንቲ ክቕህም፡ ብህጹጽ ካብ ከተማ ኣስመራ ናብ ወደብ ምጽዋዕ ብ ኣንቶኖቭ ኤውሮፕላን ብብዝሒ ረዳኢ ተዋጋኢ ኣጋር ጦር-ሰራዊት ኣምጺእካ ጥራይ ምምካቱ ከም ዝከኣል ኣስመሩሉ።

ጄነራል ሑሴን እቲ ኩነታት ኣዝዩ ስለ ዘስግኦምን ዘሰንበዶምን፣ ሓደ ንጹር ትእዛዝ ይኹን ሓደ ጭቡጥ መብጽዓ ከይኣተዉ፡ “ኣነ ኹሉ ዝከኣለኒ ኽገብር ኢየ። ንስካትኹም ከኣ ኣበርቲዕኩም መክቱ ኢኹም።’’ ኢሎም ነቲ ናይ ቴሌፎን ዘተ ዓጸዉዎ።

※※※※※

ጄነራል ተሾመ ቴሌፎን ምስ ተዓጽወት ነቲ ሓላዊ ትንፋሶም ዋርድያ፡.... ንሓላፊ ጎስጓስን ሓበሬታን ክጽዉዖ ናብ ቤት-ጽሕፈቶም ክመጽእ ኣዘዝዎ። እቲ ሓላፊ ጎስጓስን-ሓበሬታን ድማ ብቅጽበት ኣብ ቤት-ጽሕፈቶም ተረኸበ።

“ጄነራል ሑሴን ነቲ ሙሩኽ ሻዕብያ ከዘራርብዎ ደልዮም ስለ ዘለዉ። እስካ ጽባሕ ቅድሚ ሰዓት ሸዉዓተ ንግሆ ኣብ ዘሎ ግዜ፥ ነቲ ሙሩኽን ዓጀብቲ ሓለውቲ ወተሃደራት-ፖሊስ’ን ሒዝካ ናብ ማዕርፎ ነፈርቲ ምጽዋዕ ኪድ። ድሕሪ’ዚ ድማ ቀጥታ በታ ጽባሕ ካብ ከተማ ኣስመራ ኣጋይሽ ሒዛ እትመጽእ ሄሊኮፐተር፡ እዚ ሙሩኽ ሓለውቲ ወተሃደራት ኣሰኒኻ ናብ ከተማ ኣስመራ ከም ዝበርር ግበር።” ኢሎም እቶም ጄነራል ኣዘዙ።

እቲ ሓላፊ ጎስጓስን ሓበሬታን “እሺ ጎይታይ ትእዛዝኩም ብሓጎስ ተቐቢለዮ ኣለኹ።ግን እቶም ሓለዉቲ እቲ ሙሩኽ ዓጃቢም ዝኸዱ ወትሃደራት-ፖሊስ ብምንታይን መዓስን ኢዮም ናብ ምጽዋዕ ክምለሱ? መንቐሳቐሲ ኣበል'ከ ክኽፈሉ ድዮም?’’ ኢሉ ተራ ዝኮነ ልሙድ ሕቶታት ሓተተ። ጄነራል ተሾመ ከም ክርቢት ተሸርጢጦም ተወልዑ።

እተን ፈናጅል ኣዒንቶም ካብ’ቲ ጎዳጉዲ ቆፎ ኣዕንቲ ክወጽኣ ዝደለያ ስጋብ ዝመስላ፡ እተን ደም ዝሰረባ ኣዒንቶም ኣፍጢጦም “ንምንታይ ከምዚ ዓይነት ዘይረብሕ ሕቶ ትሓተኒ? እቶም ወተሃደራት ፖሊስ መዓስን ብኸመይን ኽምለሱ ከም ዝኽእሉ ባዕልካ ከተማሓድሮ ኣይትኽእልን? ካብቲ ባጄት ጎስጓስን ሓበሬታን ተሓዝ ገንዘብ ሻለቃ ለገሰ ናይ ክልተ መዓልቲ ኣበል ወሲድካ ዘይተማሓድሮም። ኣበል ሓደ ወትሃደር እኾ ሸዉዓተ ብር ንሓደ መዓልቲ ጥራሕ ኢዩ። ስለዚ ንኽልተ ወተሃደራት ዝከዉን ዕስራን ሸሞንተን ብር ከይትስእን ሰጊእካ ዲካ እዚ ተራ ሕቶ ትሓተኒ? ” ኢሎም ድሂሎም ካብ ቤት-ጽሕፈቶም ኣባረርዎ።

❋❋❋❋❋

ድሕሪ እዚ ኹሉ ክልተ ወተሃደራት ፖሊስ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ሓላፊ ጎስጓስን ሓበሬታን ተጸዊዖም፡ ጽባሕ ጋሕጋሕ ምድሪ ነቲ ሙሩኽ ዓጃቢም ናብ ከተማ ኣስመራ ንኽበሩ ተኣዘዙ። ኣብቲ እዋን ተሓዚ ገንዘብ ክፍሊ ጎስጓስን ሓበሬታን ዝነበረ ሻለቓ ለገሰ ኣብ ከተማ ምጽዋዕ ስለ ዘይነበረ፣ እቲ ሓላፊ ካብ ጅቡኡ ዕስራን ሸሞንተን ብር ሂቡ ኣፋነዎም። ኣብቲ ግዜ እቲ ደሞዝ ሓደ ወትሃደር ምስ ቀለቡ 112 ብር ጥራይ ኢዩ ኔሩ። ስለዚ ድማ ኣበል ወትሃደር ን’ሓደ መዓልቲ ሸዉዓተ ብር ኢዩ ኔሩ።

❋❋❋❋❋

ኣብ ኣጋ-ወጋሕታ ለካቲት ትሸዓተ 1982 ዓመተ-ምሕረት ብግእዝ ኣቆጻጽራ ጄነራል ተሾመ ተሰማ ካብ’ቲ ቀም ኣቢሎሙሉ ዝነበሩ ድቃሶም ተበራቢሮም ናይ ኢድ ሰዓቶም ረኣዩ። ልክዕ ሰዓት ሰለስተ ናይ ለይቲ ኮይኑ ኔሩ። እቶም ጄነራል ነቲ ዝሓደሩሉ ቦታ ኣብ ሸነኽ ምዕራብ ምጽዋዕ ኣብ ዝርከብ ‘ፎርቶ’ ተባሂሉ ዝፍለጥ ነዊሕ እምባ መአዘዚ ስፍራ ሻድሻይ ነበልባል ክፍለ-ጦር ኢዩ ኔሩ።

“ፎርቶ” ኣብ ጸጋማይ ሸነኽ መገዲ ካብ ምጽዋዕ ናብ ኣስመራ ኣብ ዝወስድ ጸሊም ጽርግያ፡ ሓደ ሓሙሽተ ሚእቲ ሜትሮ ንዉሽጢ ኣትዩ ዝርከብ ነዊሕ እምባ ኢዩ። መጠን ብራኸ እቲ እምባ ሽዱሽተ ሚእቲ ሜትሮ ካብ ልዕሊ ጽፍሒ ባሕሪ ይህልዎ ኢለ ይግምት። ነቲ ነዊሕ

እምባ “ፎርቶ” ዝብል ሽም ዘጠመቑዎ ጣልያን ኢዮም። “ፎርቶ” ካብ ቋንቋ ጥልያን ናብ ቋንቋ ትግርኛ ክትርጎም ከሎ “ዕርዲ” ማለት ኢዩ። እዚ እምባ ፋሽሽታዊ መንግስቲ ጥልያን ን’ኤርትራ ከመሓድራ ከሎ፡ ጽኑዕ ዕርዲ ብቸመንቶን ብጸሊም እምኒ ዓረን ዝሃነጾ ብወትሃደራዊ ዓይኒ እንክጥመት ከሎ እፎይታ ዝህብ ንኣብዮታዊ ሰራዊትና ጽኑዕ ዕርዲ ኢዩ ኔሩ።

❉❉❉❉❉

ጄነራል ተሾመ ተሰማ ን’ኦፕሬተር ሬድዮ ወተሃደራዊት ርክብ ኣጸዊያም እንታይ ሓዱሽ ነገር ከም ዘሎ ሓተቱ።እቲ ኦፕሬተር ከኣ ነቲ ዝተቐበሎ ሓበሬታ ኩሉ ብዝርዝር ኣመሓላለፈሎም።

ሻዕብያ ካብ ሰዓት ሰለስተ ለይቲ ጀሚሩ ኣብ ግንባራት ኢምበረም፥ዶግዓሊ፥ጊንዳዕ ሰፊሕ መጥቃዕታዊ ኩናት ከፊቱ ኣሎ።እቲ በርቃዊ ኩናት ብፎኮስትን ከበድትን ብረት ተሰንዩ ኢዩ ዝካየድ ዘሎ። ኣብዮታዊ ሰራዊትና ከኣ ብዝተኻእሎ መጠን ክሳድ-ንኽሳድን ኢድ-ብኢድን ተሓናኒቑ ምስ ሻዕብያ ይራባረብ ኣሎ። ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ግን ሻዕብያ ኢምበርምን ዶግዓሊን ሙሉእ-ብሙሉኡ ተቖጻጺርዎ ኣሎ።

እዚ ኩነታት ከምዚ ኢሉ ከሎ ብርጌድ 112 ከቢድ ክሳራ ኣጋጢምዎ ከም ዘሎ ጸብጸቡ ኣቕሪቡ ኣሎ።ደንገሎ ድማ ሻዕብያ ሚእቲ ካብ ሚእቲ ተቖጻጺርዋ ኣሎ። ካብ ትማሊ ኣጋ-ምሸት ሰዓት ሓሙሽተ ጀሚርካ ስጋብ ሕጂ ማለት ፍርቒ ለይቲ፡ ኣብ ዝተሳሰየ ኩናት ጥራሕ 939 ኣብዮታውያን ሰራዊትና ተወጊኦምን ተሰዊኦም ካብ ምዉጋእ ቦኺሮም ኣለዉ። ከምዚ ስለዝኾነ ከኣ ኣብዮታዊ ሰራዊትና ከቢድ ሕጽረት ዓቕሚ ሰብ ኣጋጢምዎ ኣሎ። እቶም ብርጌዳት ልዕሊ ዓቕሞም ስለ ዝኾነ ንሻዕብያ ክምክትዎ ከም ዘይክኣሉ እሕብሩ ኣለዉ። ኣብዮታዊ ጦር-ሰራዊትና ደንገሎ ራሕሪሑ ናብ እምባትካላ ከም ዘዝለቓ እዉን ሓቢሩ ኣሎ።

ይቕጽል..........

❉❉❉❉❉❉❉❉❉❉❉❉❉❉❉❉❉❉❉❉❉❉❉❉❉❉❉❉❉❉❉❉❉❉❉❉❉




- ኣዛዚ ናይቲ ብርጌድ ኣብዮታዊ ሰራዊት ኣብ ግንባር ደንገሎ ዓሪዱ ዝነበረ፡ ነቲ ወሪድዎ ዘሎ መጥቃዕቲ ሻዕብያ ክጻወሮ ስለ ዘይከኣለ፡ ንእምባትካላ ከምዘዝለቖ ብወተሃደራዊት ሬድዮ ርክብ ሓበረ። እምባትካላ ኣብቲ ጥውይዋይ ጸሊም ጽርግያ መስመር ኣስመራ-ባጽዕ፡ ካብ ከተማ ኣስመራ ኣርብዓ ኪሎ ሜትር ሪሒቓ እትርከብ፡ ኣብ ኣጻድፍ ዝተደኮነት ሓውሲ ንእሽቶ ከተማ ኢያ።

እቲ ኩነታት ግንባር ደንገሎ ከምዚ ኮይኑ ከሎ፡ ግን ኣእምሮ ናይቶም ጄነራል ተሾመ፡ ኣብታ ህሞት እቲኣ፡ እቲ ሻዕብያ ኣብ'ቲ ካብ ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ቦሸነኽ ሰሜናዊ-ምዕራብ ከባቢ ኢምበርም ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ዓሪዱ ኣብ ዝነበረ ሚሊሻ ብርጌድ 505ኛ ዝኸፈቶ በርቃዊ መጥቃዕቲ ኩናት ዉጽኢቱ እንታይ ከም ዝኸዉን ገዚእዎ ስለ ዝነበረ፡ ዋላ እኳ እቲ ሓድሽ ምዕባለታት ኩናት ኣብ ግንባር ደንገሎ ኣሰንቢድዎም እንተ ነበረ፡ ንዑ'ኡ ኣቓልቦ ከይሃቡ ገጾም ኣሲሮም(ተጸዊጎም)፡ ነቲ ኦፕሬተር ሬድዮ ወተሃደራዊ ርክብ ምስ ሓላፊ ናይ 27ኛ ሜካናይዝድ ብርጌድ ከራኽቦም ኣዘዙዎ።

እቲ ኦፕሬተር ድማ ኣብ ሰለስተ ደቓይቕ ዘይመልእ ግዜ ኣራኸቦም። ድሕሪኡ ጄነራል ተሾመ ተሰማ ነቲ ሓላፊ ናይቲ ብርጌድ ምስ ሙሉእ ዓቕሚ ሰቡን፡ ኣጽዋሩን ከዝልቕ ናብ ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ምቅርራባቱ ወዲኡ እንተኾይኑ ሓቲቶም፡ እቲ ሓላፊ ኩሉ ምድልዋቱ ኣጻፊፉ ወዲኡ ከም ዘሎ ምስ ሓበሮም፡ እሱ ብዝተኻኣለ ፍጥነት፡ እቲ ዘለዎ ኩሉ ዓቕሚ ሰብን ኣጽዋርን፡ ዋላ'ዉን ሓደ ሰብ'ን ሓንቲ መሳርያን ከይገደፈ ኣብቲ ቦታ፡ ጠቕሊሉ ካብ ፎሮ ናብ ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ከዝልቕ ኣዘዙዎ።

ወደብ ዙላ። ሕጂ ፎሮ ተባሂላ ትፍለጥ ማርሳይ ታሪካዊት ስፍራ ኢያ።ኣብ ደንደስ ቀይሕ-ባሕሪ ኢያ እትርከብ። ኣብ ጥንታዊ ታሪኽ ኢትዮጵያ። ወደብ ዙላ ነገስታት ኢትዮጵያ ይጥቀሙላ ከም ዝነበሩ ኣብ ታሪኽ ጥንታውያን ወደባት ቀይሕ ባሕሪ ተመዝጊቡ ኣሎ። ፎሮ(ወደብ ዙላ) ካብ ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ብግምት ሓደ ሓምሳ ኪሎ-ሜተር ንሸነኽ ሰሜን ሪሒቃ እትርከብ ስፍራ ኢያ።

ጄነራል ተሾመ ኣብ'ቲ በረኸ እምባ ፎርቶ መአዘዚ ስፍርኦም ኮይኖም ብወተሃደራዊ ናይ ርሑቕ መነጸር ክሻፋ (ሚኒኮለ) ኣነጻጺሮም፡ ኣብ ወርሒ ለካቲት ዕለት ክልተ ንግሆ ልክዕ ሰዓት 07:35፡ ሓንቲ ሄሊኮፕተር ካብ ከተማ ኣስመራ በሪራ ኣብ መዓርፎ-ነፈርቲ ምጽዋዕ ክትዓልብ ከላ እዕዘቡ ነበሩ።

ካብ'ታ ሄሊኮፕተር ብዉሕዱ 15 ዝኮኑ ቀጠልያ ወተሃደራዊ ክዳን ዝለበሱ ሰባት ወረዱ፡ እቶም ሰባት ኣብተን ተዳልየን ክጽበይኦም ዝጸንሓ ክልተ ቶዮታ ላንድ-ክሩዘር'ን፡ ሓንቲ ዋዝ-ጂፕ'ን ተጻዒኖም ናብ ዉሽጢ ባጽዕ ገጾም ተሓንበቡ።

ጄነራል ተሾመ ካብቶም 15 ሰባት ቀጠልያ ዝሕብሩ ወተሃደራዊ ኣልባሳት ዝለበሱ ገለ መኮንናት ጄነራላት ደርጊ ምህላዎም ገመቱ። እቲ ግምቶም ብመርትዖ ከረጋግጹዎ ስለ ዝደለዩ ከኣ ነቲ ኦፕሬተር ናይ ወተሃደራዊት ሬድዮ ርክብ፡ እቶም ኣጋይሽ ዝዓለቡ በዓል መን ሙኳኖም ከጻሪ ኣዘዝዎ።

እቲ ኦፕሬተር ሬድዮ እዚ ትእዛዝን ተልእኮን ክፍጽሞ ዓሰርተ ደቓይቕ እዉን ኣይወሰደሉን። እቶም ኣጋይሽ ነቲ ዓመታዊ ዝጽንበል ጽንብል “መመረቕታ ተምሃሮ ሕጹያት መኮንናት ሓይሊ-ባሕሪ ኢትዮጵያ’’ ብፍላይ ድማ ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ብኽብ ዝበለ ደረጃ ካብቲ ናይ ቅድሚ-ሕጂ ክጽንበል ተመዲቡ፡ ኣብ ለካቲት 04 ዓመተ-ምሕረት 1990 ብኣቆጻጽራ ፈረንጂ፡ ልዑል ምድላዋትን ምቅርራባትን ዝግበረሉ ዝነበረ ንኽካፈሉ ዝመጹ፡ ላዕለዎት ሓለፍቲ መኮንናት ሓይሊ-ባሕሪ ኢትዮጵያ ሙኳኖም ሓበሮም።

እቶም ጄነራል ብሙሉእ ኣድህቦ ነቲ ዝግለጸሎም ዝነበረ በቲ ኦፕሬተር ወተሃደራዊ ሬድዮ ሓበሬታ ብጽሞና እንዳ ሰምዑ ከለዉ፡ ልክዕ ኣብ'ታ ህሞት እቲኣ ከኣ ሓደ ዘሰንብድን ኣእዛንካ ዘገልድምን ድምጺ ከቢድ-ብረት ተሰምዐ።

መዳፍዕ ከበድቲ ብረታት ሻዕብያ ካብ ዶግዓሊ ዝተወንጨፈ ንመዕርፎ-ነፈርቲ ወደብ ምጽዋዕ ከም ሕሱም ደብደቦ።

እቲ ፍጻሜ ናይታ ዕለት ደብዳብ ሻዕብያ ከቢድ-ብረት ልዕሊ እቲ ኣብ ልዕሊ'ቲ መዕርፎ-ነፈርቲ ዘውረዶ ጉድኣት፡ ኣብ ስነ-ኣእምሮ ተቐማጥ ምጽዋዕ ዘውረዶ ጉድኣት ይዛይድ ኔሩ። ከመይ'ሲ! እቲ ግዜ ደብዳብ ከቢድ-ብረት ሻዕብያ ኣብ ዝባን መዕርፎ-ነፈርቲ ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ንግሆ ከባቢ ሰዓት ሸሞንተ ስለ ዝነበረ፡ ሰራሕተኛታት ወደብ-ምጽዋዕን ሰራሕተኛታት ቤት-ጽሕፈታት መንግስቲን ስራሕ ዝኣትዉሉ ግዜ፡እቶም ኣብ መባእታን

ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርትታት ዝመሃሩ መንእሰያት ተምሃሮ'ዉን ትምህርቲ ዝጅምሩሉ ግዜ ስለ ዝነበረ። ራዕዲ ኣብ ኣእምሮ ሰለማዊ ህዝቢ ባጽዕን፡ ሞራል-ምሕምሻሽ ኣብ ኣእምሮ ኣብዮታዊ ሰራዊት ምስ ሓለፍቶም መኮንናቱን ፈጢሩ ኢዩ።

ኣብ መንጎ እቲ ዕቡድ ንጎሆ ሂምታ ተወንጫፊ ከበድቲ ብረታት ሻዕብያ ምድርን ሰማይን ኣጨኒቑ፡ ኣእዛን ኩላ ትሰምዕ-ፍጥረት ኣገልዲሙላ ዝነበረ ህሞት፡ እታ ሄሊኮፕተር መኮንናት ካብ ኣስመራ ናብ ወደብ-ባጽዕ ሒዛ ቅድሚ ሒደት ደቃይቕ ዝዓለበት ሄሊኮፕተር ብድፍረት ንላዕሊ በሪራ ናብ ሰማይ ዓረገት።

እታ ሄሊኮፕተር ናብ'ቲ ዉሑስ ንድሕንነታ ዝኮነ ብራኸ ምእንቲ ክትሓኩር፡ ፈለማ ንሸነኽ ቀይሕ-ባሕሪ ገጻ ኢያ በሪራ። እቲ መዕርፎ-ነፈርቲ ምጽዋዕ ድማ ኣብ ሸነኽ ምዕራብ ዉሽጢ ከተማ ምጽዋዕ ስለ ዝርከብ፡እታ ሄሊኮፕተር ኣብ ልዕሊ ዝባን ዉሽጢ-ባዕጽ ዘንብያ ኢያ ንሸነኽ ቀይሕ-ባሕሪ ገጻ ዝበረረት።

እታ ሄሊኮፕተር ኣብቲ ዉሑስ ዝኾነ ንድሕነታ ብራኸ ሓኹራ ምስ ኣብቅዐት። ሓደ ርሒብ ክቢ ዜራ፡ ኣንፈት ኣፍንጫኣ ንድሕሪት መሊሳ፡ ንሸነኽ ከተማ ኣስመራ ገጻ ተጠዉያ ካብ የዕንትና ተሰወረት።

ጄነራል ተሾመ እቲ ምዕባሌታትን ፍጻሜታትን ዝካየድ ዝነበረ በርቃዊ መጥቃዕቲ ሻዕብያ ስለ ዘሻቀሎም፡ እቶም ጄነራል ብዉዑዩ'ከሎ ብቕጽበት ብወተሃደራዊ ሬድዮ ርክብ ጸብጻብ ደብዳብ ሻዕብያ ተወንጫፊ ከቢድ-ብረት ኣብ መዓርፎ-ነፈርቲ ምጽዋዕ'ን ካልእ'ን፡ ናብ ቤት- ጽሕፈት ማእከላይ ካልኣይ ኣብዮታዊ ሰራዊት መአዘዚ ስፍራ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዝርከብ ጸብጻቦም ኣመሓላለፉ። ኣብቲ ቤት-ጽሕፈት ላዕለዋይ ማእከላይ መአዘዚ ስፍራ ኣስመራ፡ እቲ ናይ ቃል ጸብጻብ ተቐቢሎም ዝምዝግቡ ዝነበሩ ጄነራል ሑሴን ብዓቢኦም ባዕሎም ሙኳኖም፡ እሶም እዉን እዚ ናይ ለዘበን መጥቃዕታዊ ኩናት ሻዕብያ፡ናይ ዋዛ-ፈዛዛ ኩናት ከም ዘይኮነ በሪሁሎም ከም ዝነበረ ኢዩ ዘገንዝብ።

እቲ ጸብጻብ ናይ ጀነራል ተሾመ ተጸሚቁ ከምዚ ኣብ ታሕቲ ተጻሒፉ ዘሎ ይንበብ.....ቀንዲ ዕላማ እቲ ደብዳብ መዳፍዕ ተወንጫፊ ከቢድ-ብረት ሻዕብያ፡ ነታ ካብ ከተማ ኣስመራ በሪራ ኣብ መዕርፎ-ነፈርቲ ምጽዋዕ ዝዓለበት ናይ ወገን ሄሊኮፕተር ንኽሕምሽሻ ኢዩ ኔሩ። ግን እቲ ዕላማ ኣይተዓወተን መክንያቱ እታ ሄሊኮፕተር ተልእኾ'ኣ ፈጺማ ብሰላም ናብ ከተማ ኣስመራ ተመሊሳ ኢያ።ከሙኡ'ዉን እቲ መዳፍዕ ከቢድ-ብረት ካብ ሸነኽ ዶግዓሊ እዉንጨፍ ምንባሩ ገለጹሎም።

ጄነራል ተሾመ ምስዚ ፍጻሜ ኣተሓሒዞም'ዉን፡ ካብ'ዚ ደብዳብ ንላዕሊ ዘሻቕሎምን ቅልጡፍ ስጉምቲ ክዉሰደሉ ዝግባእ ክገልጹ ከለው ደፊሮም ንጄነራል ሑሴን፡ “ እቲ ሻዕብያ ካብ ትማሊ ኣብ ን'ሎሚ ዘዉግሕ ለይቲ ከባቢ ሰዓት ሰለስተ ኣብ ግንባር ጊንዳዕ እልፍ'ታት ኣጋር-ሰራዊት ኣሰሊፉ ምስ ሜካናይዝድ ከቢድ-ብረት ኣወሃሂዱ ዕዉት መጥቃዕቲ ዝገበሮ። ”ብትብዓት ነገርዎም።

ኣስዒቦም ድማ “ኣብዚ እዋን’ዚ እንዳ 112ኛ ብርጌድ መኤዘዚ ስፍር’ኡ ኣብ እምባትካላ ጌሩ፡ ኣብዮታዊ ሰራዊትና ኣብ ዙርያ ጊንዳዕ ብጅግንነት ምስ ሻዕብያ እራባረብ ኣሎ። ረዳኢ ሓይሊ ሰራዊት ኣብ እዋኑ እንተ በጺሑ፡ ኣብዮታዊ ሰራዊትና ከተማ ደንገሎ ካብ ቁጽጽር ሻዕብያ ሓራ ኣዉጽኡ፡ ዳግማይ ክቆጻጸራ ከም ዝኽእል ብተደጋጋሚ ሓሳብ ቀሪቡ ኢዩ። ስለዚ ሓደራ ብ’ሸነኽ ነፋሲት ዘሎ ኣብዮታዊ ሰራዊት ብህጹጽ ረዳኢ ሓይሊ ሰራዊት ይላኣኸሉ።” ኢሎም ኣምሪሮም ኣተሓሳሰቡ።

ጄነራል ሑሴን ጽን ኢሎም ብጽሞና ድሕሪ ነቲ ነዊሕን መሪርን ጸብጻብ ኩናት ምስማዕ፡ እቶም ጄነራልኩሉ ዝከኣሎም ይገብሩ ከም ዘሎዉ፡ ንኣብነት እቲ ፋሕ ኢሉ ዘሎ ኣብ ፈቐዶኡ ኣብዮታዊ ሰራዊት ዳግማይ ተወዲቡ ንኽዋጋእ ከቢድ ጻዕሪ እገብሩ ከም ዘለዉ፡ ጎኒ ጎኒ እዚ መስርሕ ከኣ እቶም ኣብቲ ሰላም ሩጉእ ድፋዓት ዓሪዶም ዘለዉ ኣብዮታዊ ሰራዊትና፡ እቲ ገዚፍ ዓቕሚ ሰብ ተዋጋኣይ ኣብዮታዊ ሰራዊት ኣብዚ ኩናት ተኸሲሩ ዘሎ ተኪኦም፡ ጸብለልትነት ዓቕሚ ሰብ ኣብዮታዊ ሰራዊትና ኣብ ዓውደ-ኩናት ዳግማይ ንኽረጋገጽ፡ ድሮ እዉን “18’ኛዉ ተራራ ክፍለ ጦር-ሰራዊት” ን’እንዳ 112ኛ ብርጌድ ክረድእዎም ናብ እምባትካላ ክወርዱ ኣዚዞም ከም ዘለዉ ገለጽሎም።

ጀነራል ሑሴን ወዮ እቲ ህድእ ኢሎም ዝጀመርዎ መደረ።እንታይ ይገብሩ ከም ዘለዉ ኣብ ስራሕ መኸተ ‘’ስርሒት-ፈንቅል’’ ንምፍሻሉ ክገልጹሎም ንጀኔራል ተሾመ ተሰማ፡ ድምጾምን ስምዒቶም እንዳ በረኸ…እንዳ በረኸ…..እንዳ በረኸ… መጸ።

“ተሼ’’ በሉ ዓዉ ኢሎም።

ጄነራል ሑሴንን ጄነራል ተሾመን ግርም ዝኮነ ሕድሕድ ምርድዳእን ምቅርራብን ስለ ዝነበሮም ኢዮም እመስለኒ፡ እቲ ኩቡር ብጻይ መንግስቱ ሃይለማርያም ቆራጽን ፈላጽን ተባዕ ገስጋሲ መራሒ ሃገር፡ ቀንዲ ቀያሲ’ን ኣቦ-መንበር ሰልፊ ኢ.ሰ.ፓ (ኢትዮጵያ ሰራተኞች ፓርት)’ን፥ ላዕለዋይ ተጸዋዒ ኣዛዚ መላእ ኣብዮታዊ ሰራዊት ኢትዮጵያን፥ ኣቦ-መንበር ሸንጎ(ባይቶ) መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ንኣቶ ተሾመ ተሰማ ኣምሳያ እቲ ኩሉ ጅግንነቶም ብቕዓቶምን ብማዕርግ “ጀነራል” እቲ ዝመረቖሎም ማዕርግ ጀነራል ተሓሲሞም። ጄነራል ሑሴን ንጄነራል ተሾመ በታ ሽም ወለዶም ዘጠመቕዎም “ተሾመ” ግን ከኣ ኣቀባጢሮም “ተሼ” ኢሎም ዝጽዉዕዎም ዝነበሩ።

ጄነራል ተሾመ እዉን ብግዲ’ኦም ምስ ጄነራል ሑሴን ኣብ ጉዳይ ስራሕ ይኩን ኣብ ብሕታዊ ጉዳይ ዛዕባታት ኣልዒሎም ክዝት’ዩን ክከራከሩን እን’ከለዉ፡ ልክዕ ከም ምስ ሓደ መዘና’ኦም ኣብ ማዕርግ ዝኾነ መኮንን ዝዝትዩ ዘለዉ፡ ብነብሲ-ምትእምማን ብዘይ ስክፍታ፡ ብነጻነት ብዘይ ምሽቁራርን ፍርሒን ኢዮም፡ እቲ ዝመሰሎም ሓሳባትን ፡ ርእይቶን፡ ነቓፌታን ዝድርግሕዎ ነሮም።

“ተሼ’’ ኢሎም ዘረቦም ጀመሩ ከም ኣመሎም። ኣስዒቦም ድማ “እቲ ጸብለልነት ሓይሊ-ኣየር ኣብዮታዊት ኢትዮጵያ፡ ብዝግባእ ተጠቒምና ንሻዕብያ ኣብራኹ ሓምሺሽና ናብ

ኣኽራናት ሳሕል ኽንመልሶ እንተ’ደሊና፡ ተራ ብቕዓትን ተወፋይነትን ኣተኲሳይ(ኣብ ድሕሪ መስመር ሶሊኹ ኣትዩ ኣንፈት ‘መዕልቦ-መዳፍዕ ነፈርቲ „ዝሕብር ዉፉይ ሰብ ኢዩ #FDC... fire direction center) ወሳኒ ኢዩ” ኢሎም ንደቓይቕ ትም በሉ።

ከም ሓደ ተመራማራይ ስነ-ሂወት ብርቂ ምህዞ ምሂዙ ክንሱ ነቲ ዝመሃዞ ምህዞ ንኽገልጾ ቃላት ዝሓጸሮ ሊቕ ክመስሉ።እቲ ከመሓላልፍዎ ዝደለ’ዩ ሓሳብን መልእኽቲን ቃላት ዝገልጾ ስኢኖም ሃሰዉ-ሰው ዝብሉ ዘለዉ’ዮም ዝመስሉ ኔሮም።

ኩልና ንገለ ደቓይቕ ሓሳባቶም ዝገልጽ ቃላት ስጋብ ዝረኽቡ ብትዕግስቲ ተጸበናዮም። ኣብ’ታ ህሞት እቲኣ ሓደሽቲ ዝተረድኡ ሓዘንተኛታት ገና ሬስኦም ዘይቀበሩ ኢና ንመስል ኔርና፡ ኣመና ስቕታ ነጊሱ ኔሩ።

ሃንደበት ግን እቲ ሓፊስን ሮጉድን ድሃይ ናይ ጀነራል ሑሴን ነቲ ስቕታ ሰበሮ።

ጄነራል ሑሴን ‘’ቀዳማይ ሮቛሒ። ወረገይ ወሳኒ ተራ ዝጻወት ኣብ መስርሕ ደብዳብ ብነፈርቲ ኩናት፡ ኣብ ‘ጨመተ ነቲ ዝድለ ዕላማ ምዉቃዕ’ ብቕዓት’ን ተወፋይነት’ን ኣተኲሳይ ኢዩ።’’ በሉ።

ኣነ ኸኣ “ነዚ ንኽትግዕታ ዲኺን፡ ክንዲ’ዚ ትርህጸ’’ ኢለ ብልበይ።ነቶም ጀነራል ኽክዕብ ኣበልክዎም።

ይቕጽል . . . . . . . . . . . .



- ጀነራል ተሾመ፡ ድሕሪ'ቲ እዋናውን ውህብን ኣብ ባይታ ዘሎ ዝጭበጥ ኩነታት፡ ሓበሬታ ጸብጻብ ኩናት ናብ ላዕለዋይ ሓላፊኦም ጀነራል ሑሴን ድሕሪ ምምሕልላፎም፣ ብቐጥታ ናብ ሻድሻይ ክፍለ-ጦር ሰራዊት መአዘዚ ጣብያ (ስፍራ) ብዉሽጣዊ መስመር ቴሌፎን ደወሉ።

ኣብ ሻድሻይ መአዘዚ ቦታ ነታ ጻዉዒት-ቴሌፎን ዝተቐበለ መኮነን፡ ሓለቓ ሚእቲ “በጎሰዉ ሞሲሳ’’ ዝብሃል ሓላፊ ጎስጓስን ሓበሬታን፡ እቲ ክፍለ-ጦር ሰራዊት ኢዩ።

እቶም ጀነራል፡ ነቲ መኮነን ጸብጻብ ብደብዳብ ሻዕብያ ኣብ ልዕሊ መዓርፎ ነፈርቲ ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ዝወረደ ክሳራ ከቕርበሎም ተወከስዎ።

እቲ ሓላፊ ጎስጓስን ሓበሬታን፡ እቲ ደብዳብ ተወንጫፊ ከበድቲ መዳፍዕ ሻዕብያ፡ እንትርፎ ኣብ ልዕሊ ሰለስተ ሰለማዊያን ተራ ሓረስቶት ሰባት ተወለድቲ ብሄረ ዓሳውርታን፥ ኣብተን ክልተ ኣግማል ዕንጨይቲ ጽዒኖመን ናብ ዉሽጢ ባጽዕ ዝኣትዉ ዝነበሩ መጉድኣቲ ካብ ምዉራድ ሓሊፉ፡ ካልእ ፋይዳ ከም ዘይነበሮ ሓበሮም።

ድሕሪ ሒደት ደቓይቕ ኣርባዕተ ነፈርቲ ተዋጋእቲ ኩናትን ክልተ ተዋጋእቲ ሄሊኮፕተራት ናይ ኣብዮታዊት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ሰማያት ዶግዓሊ ዘንበያ፡እቲ ሰማይ ዶግዓሊ ብኡ ንብኡ ብጸሊም ትኪ እተን ነፈርቲ ጣቓ ተኸድነ።

እተን ተዋጋእቲ ነፈርቲ ኩናት ሓይሊ ኣየርና፡ ብመሰረት እቲ ዝተወሃበን ሓበሬታ ‘ኣቶከስቲ’(ኣስቶኪሽ) ሳልሳይ ሜካናይዝድ ክፍለ-ጦር፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ሻዕብያ ዝዓረደሉ ድፋዓትን፡እብ ልዕሊ'ቲ ዝተቆጻጸሮ ሜዳታትን ብጸዕቂ ደብደባ። ብፍላይ ካኣ እቲ ካብተን ተዋጋእቲ ሄሊኮፕተራት ዝዘንብ ዝነበረ ከበድቲ መዳፍዕ ጢያይቲ፡ ነቲ ከባቢ ብዒግ ዝብል ጸሊም ትኪ ኣጸልመቶ።

እተን ኣርባዕተ ተዋጋእቲ ነፈርቲ ኩናት ዝኣኽለን ደብድቢን፡መዓኮረን ንምዕራብ ሂበን ናብ ምብራቕ: ንሸነኽ ከተማ ኣስመራ ምስ በረራ። እግሪ እግረን ካልኦት ኣርባዕተ ነፈርቲ ዉግእ ኩናት: ንዕእኤን ተኪኤን በሪረን መጽየን፡ እቲ ደብዳብ ብኣዝዩ ካብቲ ዝቀደመ፡ዝከበደ ከበድቲ መዳፍዕ ጢያይቲ ተሰሃልኦ። ዶግዓሊ ብደብዳብ ከበድቲ መዳፍዕ ጢያይቲ ተዋጋእቲ ነፈርትን ሄሊኮፕተርን ተናወጸት።

እቲ ኩነታት ኣብ ከምዚ ህሞት እንከሎ፡ እቲ ኦፕሬተር ናይ ወተሃደራዊት ሬድዮ ርክብ ጀነራል ተሾመ፡ ንመስመር ሬድዮ ርክብ ‘ፍሪኬንሲ’ ሻዕብያ ጨዉዪ(ጠሊፉ) ብሑጓ ሰሚዑ፡ነቲ ዝመሓላለፍ ሓበሬታ እርይ-ቁጽር ኣቢሉ፡ ን ጀነራል ተሾመ ተሰማ የመሓላልፍ ነበረ። ኦፕሬተራት ወተሃደራዊት ሬድዮ ርክብ ሻዕብያ መብዛሕቲኦን ደቂ- ኣንስትዮ ኢየን። እቲ ዝጥቀማሉ ጥበብ ሓበሬታ ምምሕልላፍ ኣሃዛት(ቁጽሪ) ኢዩ። እሰን እቲ ጸብጻብ ክሳራ

ብተዋጋእቲ ነፈርቲ ኲናትን ሄሊኮፕተራን ኣብ ሻዕብያ ዝወረደ ኢየን፡ ናብ ላዕለዎት ሓለፍተን ዘመሓላልፋ ዝነበራ።

እቲ ኦፕሬተር ናይ ጀነራል ተሾመ ዝነበረ። ትግራዋይ ተዛራባይ ቋንቋ ትግርኛ ስለ ዝነበረ፡ ነቲ ኦፕሬተራት ሻዕብያ ዘመሓልፍኦ ዝነበራ ጸብጻብ እርይ-ቁጽር ኣቢሉ፡ካብ ቋንቋ ትግርኛ ናብ ቋንቋ ኣምሓርኛ ተርጊሙ ነቶም ጄነራል የበስሮም ነበረ።

ኣነ መቸም ከምታ እዋን እቲኣ ተሓጉሶም ጄነራል ተሾመ ርእየዮም ኣይፈልጥን ኢየ። ኣነ ስጋብ ሎሚ መዓልቲ ሓንቲ ሑጡበ ጹሑፍ ካብ'ቲ ብዙሕ ብ'ዓዉታ ዘድምጽዎ ዝነበሩ ደጋጊሞም ዘይርስዓ ፥

"ዎ ! ቅዱስ ቁልቢ ገብርኤል" ''ኣብ ካሕሳ ጀነራል ሑሴን እንከ'የውዓል'ካ ጥራሕ ደኣ'ምበር ኣይትቕተለኒ'' '' ን'ሞት'ሲ ከም ኣዳም ኣበና፡ ብጾጋ ተቐቢለዮ ኣለኹ።" እትብል ብልዑል ፍናንን፥ ሞራልን፥ ፍሽክታን፡ እቲ ኣብ ርእሲ ጄነራል ሑሴን ዝነበሮም እምነትን፥ ኣኽብሮትን ኣድናቖትን ትገልጽ ሕጥበ ጹሑፍ ኢያ።

ድሕሪ እዚ ኩሉ ፍጻሜ። ጄነራል ተሾመ ምስ ጄነራል ሑሴን ብወተሃደራዊ ሬድዮ ርክብ ተራኺቦም። ሓይሊ ኣየር ኣብዮታዊት ኢትዮጵያ ንሻዕብያ ሕሪ-ሕራይ ጌሩ ከም ዝደሰቖን ዝቀጽያን ኣበሰርዎም። ጄነራል ተሾመ ኣስዒቦም.......

"እተን ብሚስጥራዊ ኣሃዛት(ቁጽሪ) ሓበሬታ ንሓለፍቲ ዘመሓላልፋ ኦፕሬተራት ወተሃደራዊት ርክብ ሬድዮ ሻዕብያ፡ ካብ ምሒር ዓቕሊ-ጽበት። እቲ ጸብጻብ ብደብዳብ ነፈርቲ ዝወረደ ክሳራ ሻዕብያ፡ ከም ሓደ ዕቡድ ዝተጸለለ ኦፕሬተር ብቕሉዕ ቋንቋ ተራ ሰብ ዝዛረቦ ትግርኛ ናብ ላዕለዎት ሓለፍቲ ሻዕብያ ከመሓላልፋ፡ መስመር ጨዊና (ጠሊፍና) ሰሚዕናዮ ኣለና። ብመሰረት እዚ ጸብጻብ'ዚ ካኣ ብዙሓት ታንክታት ሻዕብያ ተደሚሰሰን ኣለዋ። ''

''ኦፕሬተራት ወተሃደራዊት ሬድዮ ርክብ ሻዕብያ፡ እዚ ደብዳብ እዚ ዓቕለን ስለ ዘጽበበለን ኢየን እንበር ኣዝየን ጥንቑቓት ወትሩ ሓበሬታ ብኣሃዛት(ቁጽሪ) ጥራሕ ዘመሓላልፋ ምስጢራውያን ኢየን '' በሉዎም ንጀነራል ሑሴን።

ጄነራል ሑሴን ድማ እዚ ኣዝዮም ናፊቆሞ ዝቐነዩ ብስራት ምስ ሰምዑ። "በርትዕ መክት ኢኻ። ኣንታ ጅግና። ገና ሕጂ'ዉን ተከታቲለን ነፈርቲ ዉግእ ኲናት ኣብዮታዊት ኢትዮጵያ፡ ን'ሻዕብያ ሓመድ ኣዲኡ ከስትዮኦ ኢየን። ኣነ'ዉን ምናልባሽ ሎሚ ኣጋ-ምሸት ባጽዕ እወርድ ይከዉን ኢየ። ሕጂ ድሮ ካብ ኣስመራ ነቒለ ኣብ ብሎኮ ባጽዕ በጽሔ ኣለኹ። ናብ ግንባር ጊንዳዕ እንዳ ተጓዓዝኩ ኢየ። ኣነን ንስኻን ካብ ሕጂ ንንየው ብሬድዮ ቀጻሊ ክንራከብ ኣለና። ርክብና ክቋረጽ የብሉን! " ኢሎም ተሰናበትዎም።

ኣብ ለካቲት ክልተ 1990 ዓ.ም. ፈረንጂ። ሓንቲ ሄሊኮፕተር ኣብ ድሕሪ ቐትሪ ከባቢ ሰዓት 01:30 ናይ ኣጋ-ምሽት፡ ብሸነኽ ምብራቕ ወደባዊት ከተማ ባጽዕ ኣዝያ ለጠቕ ኢላ፡ እንዳ በረረት መጸት። እታ ሄሊኮፕተር ንወደብ ምጽዋዕን፥ ዉሽጢ-ባጽዕን ሓሊፋ። ኣብ ጥቓ'ቲ ካብ ዉሽጢ-ባጽዕ ንሸነኽ ምዕራብ ብግምት ሰለስተ ኪሎ-ሜትር ርሒቑ ዝርከብ “ኣጂፕ” መዕደሊ ነዳዲ ተባሂሉ ዝፍለጥ ጎልጎል ዓለበት።

ጀነራል ተሾመ ንርሑቕ ኣቕሪቡን ኣነጺሩን ብዘረኢ መሳርሒ(ሚኒኮሎ) ጌሮም፡ ነቲ ኩነታት ናይታ ሄሊኮፕተር ይከታተሉ ነበሩ።

እታ ኣብቲ ከባቢ “ኣጂፕ” መዕደሊ ነዳዲ ዝዓለበት ሄሊኮፕተር ተጓዓዝታ ቀጠልያ ወተሃደራዊ ክዳን ዝለበሱ፡ ሰብ ጹሩራታት መኮንናት ኢዮም ነሮም። እቶም መኮንናት ኣብ እተን ተጸጢሔን ክጽበይኦም ዝጸንሓ፥ሓንቲ ‘ቶዮታ ላንድ-ኩሩዘርን ክልተ ‘ዋዝ ጂፕ’ን ተሸከርከርቲ መካይን ተጸዒኖም፡ንሸነኽ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ‘6ይ’ ክፍለ-ጦር ሰራዊት ገጾም ተመርቀፉ።

ጄነራል ተሾመ ድሕሪ’ዚ ኹሉ ኣብቲ በረኽ ጎቦ ‘ፎርቶ’ ኮይኖም ምዕዛቦም፡ ብኡ ንቡኡ ን’መራሒ መኪናኦም ናብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ‘6ይ’ ክፍለ ጦር-ሰራዊት፡ ከብጽሖም ኣዘዝዎ።

ትእዛዝ ተፈጺሙ።ድሕሪ ሓደ 13 ደቓይቕ ዝኸዉን ግዜ ዝበልዔ ጉዕዞ ኣብቲ ቦታ በጽሑ።

ጀነራል ተሾመ ኣብቲ ቅርዓት ምስ ኣተዉ።መጀመርያ ዝረከብዎ መኮነን ሻለቃ ኣዛዚ ‘’ኣሃዱ ፍሉይ ጉዳይ‘’ ሻምበል በላይ ኢዩ ኔሩ።

ጄነራል ተሾመ......እዞም ኣጋይሽ ሕጂ ብሄሊኮፕተር ዝዓለቡ መኮንናት መንነቶምን፥ ጉዳይ መምጽኢ’ኦምን ዝፈልጦ ሓበሬታ እንተ ሃልዩ: ክነግሮም ግንባሮም ኣሲሮም፡ ተጸዊጎም ሓተትዎ።

እቲ ሻለቓ በጀካ ን’ጄነራል ሑሴን ካልእ ወላ-ሓደ ዝፈልጦ ካብ’ቶም እኩባት መኮንናት ከምዘይነበረን፥ ግን ሓደ ኣረጋጊጹ ዝፈልጦ ጉዳይ እንተሃልዩ፡እቶም ዕስለ መኮንናት ንዕኦም ማለት ን’ጄነራል ተሾመ ደልዮም ኣብዚ ቤት/ጽሕፈት ከም ዝመጹን፥ ተገዲሶም ብዛዕብኦም ኣጥቢቖም ከም ዝሓተቱን ጥራሕ ከም ዝኮነ ገለጾሎም።

ኣብ ርእሲኡ’ዉን ቅድሚ ሓደ ሓሙሽተ ደቓይቅ ዝከዉን ግዜ፡ እቶም መኮንናት በተን ዝመጹለን መካይን ተጸዒኖም ናብ ‘መደብ ሓይሊ-ባሕሪ’ ገጾም ምክያዶም ሓበርዎም።

ጀነራል ተሾመ ድሕሪ እቲ ዝጸንሐ ገልታዕታዕን ከልበትበት፡ ሓንቲ ቅንጣብ ፍሬ ሓበሬታ ዘይረከብሉ ተካል እዋን። ብ’ቐጥታ ናብ ቤት-ጽሕፈቶም ኢዮም ኣምሪሖም።

ኣብ ቤት ጽሕፈቶም ምስ ኣተዉ። ኣብቲ ዘመናዊ ብቖርበት ዝተሰርሔ ኩርሲ። ኣብ ድሕሪ እቲ ኣርባዕተ ዝኩርናዑ ዘበናዊ ከብሒ ዝነበረ፡ ንድሕሪት ጥንቕሊዒት ተጠሊያም፡ክልተ ኣእዳዎም ንድሕሪት ኣጣሚሮም፡ዳሕረዋይ ሾኮና ርእሶም በእዳዎም ደጊፎሞ ኮፍ በሉ።

ግን ድሕሪ ሒደት ደቓይቕ ብድድ ኢሎም፡ነታ እዝኒ-ቴሌፎን ኣብታ ቤት-ጽሕፈቶም ዝነበረት ናይ ገዛ ቴሌፎን ኣልዒሎም። ናብ ኣዛዚ ‘’ሓይሊ ባሕሪ መደብ” ደወሉ።

ነቲ ጻውዒት ተቐቢሉ ዝመለሰ። ኮማንዶር ፊሊጶስ ድሕሪ እቲ ንቡር ሰላምታ ምልውዋጥ፡ ህጹጽ ኣኼባ ብላዕለዎት ሓለፍቲ ዝተጸዉዐ ስለ ዘሎ፡ ቀልጢፉና ናብ እዚ ቦታ ክመጹ ተማሕጸኖም።

ጄነራል ተሾመ እዉን እቲ ዘይንቡር ዝኮነ፡ እታ ነፋሪት ኣብ ከባቢ “ኣጂፕ” መዕደል ነዳዲ ዘሎ ጎልጎል ምዕላብን እቶም ቀጠልያ ወተሃደራዊ ክዳን ዝለበሱ ሰባት ላዕለዎት ሓለፍቲ ኽኾኑ ከም ዝኽእሉን፡ ኣብ ዉሽጦም ክሓስቡ ስለ ዝጸንሑ ኣይተደነቑን።

ጄነራል ተሾመ፡ ኣብታ ዋዝ-ጂፕ መኪኖ’ኦም ተጻዒኖም ናብ ቤት ጽሕፈት ኮማንዶር ፊሊጶስ ገጾም ተጓዓዙ።

ኣብቲ መደብ ሓይሊ ባሕሪ ምስ በጽሑ፡ እቲ ቅርዓት ብሕብራዊ መብራህቲ ቅነ ልደት ዝመሳሰል ዝዓይነቱ ተጸባቢቁን ተኾሓሒሉን ዉልዕ-ዉልዕ ክብል፥ ከሙኡ እዉን እታ ቀያሕን ቀጠልያን ብጫን ዝሕብራ ባንዴራ ኣብዮታዊት ኢትዮጵያን፥ እታ ባንዴራ ምልክት መለለይት ሓይሊ ባሕሪን ጎኒ- ንጎኒ ኣብ ፈቆዶኡ ቦታ ኣብ ዘንጊ ተንጠልጢለን ከንበልብላ ጸንሕ’ኦም።

ኣብ ዝባን'ቲ መናድቃት'ዉን እዋናዊ ነቲ ጽንብል ዘንጸባርቕ ጭርሖ ተለጢፉ ነበረ። ሕጂ ሓንቲ ካብ እቲ ብዙሕ ዝዝክራ ክጠቅስ፡

“እንቋዕ ናብ መበል 33’ተን ዓመተ በዓል ልደት ሓይሊ ባሕሪ ኣብዮታዊት ኢትዮጵያ ኣብጽሓና’’ እትብል ኣብ ቁመቱ ሓደ ክልተ ሜትሮ ስፍሓቱ ሓደ ኣርባዕተ ሜትሮ ዝከዉን ኣበጄዲድ ዓለባ ዝተቐብአትን፡ ካልእ ካልእን ጭርሖታት ነቲ ቅርዓት ኣወቂብዎ ነበረ።

እቲ ቕነ፡ እቲ ዓመታዊ መመረቕታ ሓደስቲ ሕጹያት መኮንናት ሓይሊ ባሕርን፡ ዝኽሪ ዓመት ምምስራት ሓይሊ ባሕሪን ዝጽንበለሉ ቅነ፡ ኣብ ዓመት-መጸትን ዓመት-ከደትን ስለ ዝነበረ። እቲ ኹሉ ጭርሖታትን ንዑኡ ዘመልክት ነበረ።

እቶም ጄነራል ተሾመ ነታ ንርሑቅ ኣቕሪባ እተርእይ መሳርሒ ክሻፋ (ሚኒኮለ) ኣብ ክሳዶም ተንጠልጢላ ከላ ኢዮም ናብ ቤት ጽሕፈት ኮማንዶር ፍሊጶስ ኣትዮም።

ኮማንዶር ፍሊጶስ ናይ ሰሜናዊ ሓይሊ ባሕሪ መደብ(መሰረት) ላዕለዋይ ሓላፊን ቀዳማይ ተሓታቲ ናይ 'ኢትዮጵያ' ትባሃል ተዋጋኢት መርከብ ኣብዮታዊት ኢትዮጵያ መኮነን ዝነበሩ ኢዮም።

እቶም ኮማንዶር ፍሊጶስ ካብቲ ዝተቐመጥሉ ኩርሲ ተንሲኦም ብልዑል ክብረት ኢዮም ንጄነራል ተሾመ ተቀቢለሞም።

ኮማንዶር ፍሊጶስ ድሕሪ እቲ ልሙድ ወተሃደራዊ ሰላምታ ምልዉዋጦም ኩርሲ ስሒቦም ብልዑል ትሕትና ነቶም ጀነራል ኮፍ ክብሉ ዓደም'ዎም። እቶም ጀነራል ድማ እቲ ዕድመ ብሓጎስ ተቀቢሎም ድሕሪ ኣብቲ ኩርሲ ምቕማጦም። መእተዊ ዘረባ ናብ እቲ ቀንዲ ዛዕባ ኽከኖም፥

"እዚ ቅርዓት ኣዝዩ ወቂቡ ኣሎ። እስኩም ድማ በኽሪ ጓል'ኩም ተመርዕዉ ዘለኩም ወላዲ ኢኩም ትመስሉ ዘለኩም" ኢሎም ኣድናቖቶም ገለጽሎም።

ኮማንዶር ፍሊጶስ ድማ ብልዑል ፍናን'ን ነብሰ- ምትእማምን ዘቕቢቦም ከምዚ ክብሉ መለስሎም።

"እወ ጀነራል። ነቲ ድሕሪ ጽባሕ ኣብ ዕለት 04 ለካቲት 1990 ዓመተ-ምሕረት ፈረንጂ።ኣብ ሰንበት መዓልቲ ዝጽንበል ዓመታዊ ጽንብል ምምራቕ ሕጹያት መኮንናት ሓይሊ ባሕሪን፥ ዝኽሪ በዓል 33 ዓመት ምምስራት ማእከል ምስልጣን ቤት ትምህርቲ ሓይሊ ባሕሪን ንምጽንባል፡ ኣብ ምቅርራብን ምድላውን ኢና ዘለና።''

''እስኩም ድማ ከም ወትሩ ቀዳማይ ናይ ክብሪ ዕዱም ኢኹም። ሓደራኩም ካብ ሕጂ ኣትሒዝኩም ኣብ ዓውደ-ኣዋርሕ'ኩም መዝግብዎ " በልዎም።

ጀነራል ተሾመ ብሕዙን'ን ጉሁይን መንፈስ ከምዚ ክብሉ መለሱ ፥

"ብሩኽይ! ሻዕብያ ኣብዚ እዋን 'ዚ ቀዳማይ... ካልኣይ... ሳልሳይ.... ጽኑዕ-ዕርድታትና ደምሲሱ፡ ኣብ ኣፍንጫ ወደብ ምጽዋዕ ዓሪዱ'ዩ ዝዋጋኣና ዘሎ። ስለዚ ኣነ ነዚ ክልተ የዕንትና ከንቁረና ተሃንዲዱ መጺኡ ዘሎ ሓይሊ። እዚ ንኤርትራ ካብ ወላዲታ፡ካብ ኣዲኣ ኢትዮጵያ ክንጽላ ዝህንደድ ዘሎ ሓይሊ ጸቢብ ጉጅለ ሻዕብያ። እቲ ኩሉ ዝሓተኒ ዋጋን ንብረትን ስጋብ ሂወት ምሕላፍ እዉን እንተኮነ ከፊለ፡ ሻዕብያ ኣብራኹ ሓምሺሽ ናብ እቲ ዝነበሮ ኣኽራናት ሳሕል ክመልሶ ኢየ ሓንሒነ ተበጊሰ ዘለኹ። ስለዚ ኣብ ጽንቡልኩም ክካፈል ኣይክእልን ኢየ። ይቕሬታ ግበረለይ " በሉ።

መልሲ ኮማንዶር ፊሊጶስ ን'ስክፍታ እቶም ጀነራል ግን ከምዚ ኣብ ታሕቲ ዝንበብ ኢዩ ኔሩ።

“በጃካ ተሸመ። ኣእምሮካ ኣብ ኮንቱ ኣይተጨንቆ፡ እዚ ኩናት ጽባሕ ክዛዘም ኢዩ። ከም ገለ ኢሎ እንተ ተናዉሐ ድማ ድሕሪ ጽባሕ ብዓወትና ከኽትም ኢዩ። ኣብ ግንባር ጊንዳዕ ኣብዮታዊ ሰራዊትና ንሻዕብያ ትንፋሱ የምልቆ ከም ዘሎ ብሰፊሕ እዕለል ኣሎ።ስለዚ ኣሽንኳይ‘ዶ ብዳንጋ ሻዕብያ ጥራሕ’ሲ፡ ናይተን ኩለን ዳንጋታት ደገፍቲ ሻዕብያ ሃገራት ኣዕራብ ተደማሚሩ እንተ መጸ እዉን ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ካብ ኢድና መንጢሉ ክቆጻጸር ዝኽእል ሓይሊ የለን! ቅሰን። ’’ ዝብል ኢዩ ኔሩ።

ኮማንዶር ፊሊጶስ ኣስዒቦም “እቲ ሻዕብያ ዝሓልሞ ሕልሚ ቀትሪ፡ ገለ’ዶ ኮን ተኣምራት ተፈጢሩ እንተ ተመሰለሉ ግርም ኮነ፡ እንተዘይ ተመሰለሉ ከኣ ንሃልኪ መራኸቢ ብዙሃን ክኾኖ ኢሉ’ዩ።ጦርቆሽቖሽ ዝብል ዘሎ። እዚ ድማ ልክዕ ከም ‘ ኣብ ሓደ ዓዲ ብዕራይ ወሊዱ እብሉ’ካ’ሞ፡ እቲ ወሬ ከተጥልል ኣብ ኣየነይቲ ዓዲ ደኣ’ዩ ተፈጺሙ ? ምስ እትብል! ምእንቲ ከተጻረ’ሲ፥ እንድዒ ዝከዉን እቲ መልሲ’’ በሉ ብትዕብዒት ኣፍ-ልቦም ነፊሖም።’’

“እቲ ሎሚ ኣብ ግንባር ግንዳዕ ምስ ሻዕብያ ዝረባረብ ዘሎ መበል ዓሰርተ ሸሞንተ ናይ ኣኽራን ተዋጋኢ ክፍለ ጦር ተሰላሚ “መዳልያ ጅግንነት” ሙኳኑ ክንዝንግዕ ኣይግባእን። ኣብ ርእሲ እዚ ድማ ‘’ሰንጥቅ 16 ሜካናይዝድ ብርጌድ ከቢድ-ብረት ’’ ኣብ ጸሊም ኣፍሪቃ፡ መወዳድርቲ ዘይብሉ ሓያል ኣሃዱ ከቢድ ብረት ኢዩ፡ ሕጂ ምስ ሻዕብያ ኣብ ኩናት ገጢሙ ዝምክት ዘሎ።’’

“ እመነኒ ጄነራል ተሸመ። ፊሊጶስ ከምዚ ኢሉ ኔሩ ክትብሉ ኢኹም። ወደብ ምጽዋዕ ሓራ ኮይና ማለት እኮ! ኤርትራ ሓራ ኮይና ማለት ኢዩ። ኤርትራ ሓራ ኮይና ማለት ካኣ ማዕጾ ነቶም ኩሎም ጸላእቲ ኢትዮጵያ ዝኮኑ ሃገራት፡ ንኢትዮጵያ ከጥቅዑ ማዕጾ ምርሓዉ ማለት ኢዩ። ስለዚ ኣብዮታዊ መንግስትና ኩሉ ዝከኣሎ ጌሩ እዚ ከም ዘይከዉን ክገብር ኢዩ። እመነኒ ጄነራል’’ በሉ።

ኮማንዶር ፊሊጶስ ኣብ ምዝዛም ዘረብኦም “ ኣሽንኳይ’ዶ ሎሚ ኣብዮታዊ ሰራዊትና ሓያል ዉህደት ዘለዎ ሓይሊ-ባሕሪን፥ ሓይሊ ኣየርን ምድሪን ዝዉንን፡ ኣርሓ ጸሊም ሃገራት ኣፍሪቃ ንኽከውን ዝበቕዓሉ ዘበን’ሲ ኣብ 1977 ዓ.ም. ብፈረንጂ ከማን ንመጥቓዕቲ ሸፋቱ ተገንጸልቲ ሓይልታት ኤርትራ። እቲ ኣብዮታዊ ሰራዊትና ኣብሮኾም ሓምሽሹ ናብ ኣኽራናት ሳሕል ኣባሪርዎም ኢዩ።’’ በሉ።

ጄነራል ተሸመ ድማ ብኣንጻር እዚ ሓይሊ ሻዕብያ ኣብ 1977 ዓ.ም. ዝነበረን ዘሎ ሕጂን ናይ ሰማይን ምድርን ከም ሙኳኑ ከረድእዎም ፈተኑ። ኣብ ልዕሊ እዚ እዉን ሻዕብያ ኣብ 1977 ዓ.ም. ተራ ሽፍታ፡ ከም ኣብ ኩለን ኣፍሪቃ ብረት ኣልዒሉ ዝቃለስ ተቃዋማይ ሽፍታ ከምዝነበረን። ሕጂ ግን ንሕና ተባላሸዩ ኢላ ዝደርበናዮ ከበድቲ ብረታት ጸጊኑ ኣብ ኣገልግሎት ኣዉዒሉ ብብረትና ዝወቕዓና ሓይሊ ኢዩ ኮይኑ ዘሎ። ኣብ ርእሲ እዚ ኸኣ ቕድሚ ክልተ ዓመት ኣብ ኣፍዓበት(ናደው እዝ) ብዙሕ ከበድትን ፈኮስትን መሳርያ ማሪኹ ኢዩ። ግን ከኣ ልዕሊ እቲ ዝማረኾ መሳርያ ንዓና ሕጂ ዝጎድኣና ዘሎ ።ብዙሓት ወተሃደራር ልዑል

ሞያ ዘለዎም ኣብ ምጽጋንን ምትኳስንን ከበድቲ ብረታትን ስለ ዝማረኹ።ወተሃደራዊ ፍልጠትና ማሪኹ ማዕሬና ዓቅሚ ቶኽሲ ከበድትን ፎኮስትን ብረታት ኣጥርዩ፡ እንሆ ኸኣ ሕጂ ከሙኡ ስለ ዝኮነ እቲ ሓቂ የዕንትና እንዳ ረኣየ ኣእምሮና ነቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ፍጻሜ ምቕባል ኣብይዎ ኣሎ።ክብሉ ገለጹ።

“ሻዕብያ ኣብ ኣፍዓበት ኣብ ‘ናደዉ እዚ’ ካብቲ ኩሉ ከበድቲን ፈኮስትን ዝማረኮ ኣጽዋር ንላዕሊ፡ ነቶም ሰብ ሞያ-ከበድቲ ብረት ፍልጠት ምትኳስ ከበድቲ ብረታትን፣ ምጽጋን ከበድቲ ብረታትን ዘለዎም ማሪኹ። እቲ ፍልጠት ስለ ዝማረኮ ኢዩ። ሻዕብያ ሕጂ ላዕለዋይ ኢድ ሒዙ ትንፋስና ዘሙልቕና ዘሎ።’’ ዝብል ርእይቶ’ኦም ደጊሞም ገለጹ።

ይቕጽል.....